# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.109 ሰሉስ 6 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሌላ ምስንኡስ ዞባ ኣስማጥ





ገጽ 4
ትሑት ጸቕጢ ደም






ገጽ 5
ትምህርቲ ስነ ጥበብ ክድሊ....





ገጽ 8
ዋዛ ብዘይ ቊምነገር




## ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብውህደት ክሰርሑ ጸዊዑ

ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ 2026 ብፍልጠትን ሞያን ሃገራዊ ዕማማቶም ንምዕዋት ብዘለዓለ ውህደት ክሰርሑ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያን ሃገራት ስካንዲናቭያን፡ ከምኡ’ውን ኣወሃሃዲ ኤምባሲታት ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳ - ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ጸዊዑ።

ኣብ’ቲ “ብንቕሓት ንኹሉ ድልዋት” ብዝብል ቴማ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ብ3 ጥሪ ኣብ ስዊዘርላድ - ከተማ ጀኔቫ ኣብ ዝተኻየደ ዓቢ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ተረኺቡ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር እዋናዊ ዞባውን ዓለማውን ኩነታትን ምዕባለታትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንኹሎም ዘጋጠሙ ብድሆታት ብውህደትን ስጡም ሓድነትን ሰጊሩን ሃገራዊ ክብርታቱ ዓቂቡን ኣብ ዝሓሸ መድረኽ ከምዘርከበ ብምጥቃስ፡ ኣብ’ዚ ዘለናዮ ተሃዋሲ መድረኽ፡ ኣባላት ራብዓይ ግንባር ብፍላይ ድማ መንእሰያት፡ መሳርያም ኣስጢሞም ሃገራዊ መደባት ኣብ ምዕዋት እጃሞም ከበርክቱ ትጽቢት ከምዝግበር ኣዘኻኺሩ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ብወገኑ፡ ሳላ ሓያል ጻዕርን ውሁድ ስራሕን፡ ኩሉ ፈተነታት ተሰጊሩ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ክብጻሕ ተኻኢሉ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ጉዳይምን መንእሰያትን ስነ-ጥበባውያን ዝተሳተፍዎ ባህላዊ መደብ ናቱ ነጸብራቕ ብምዃኑ፡ ክንዮ ጽንብል ሓድሽ ዓመት ዓቢ መልእኽቲ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኣቶ ምሕረትኣብ ማሊክ ብግደኡ፡ ብዚይ ውህደትን ሓያል ውዳበን ዝዕወት ሃገራዊ መደባትን ዝዕቀብ ክብርታትን ስለዘየለ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምትእኽኻባት ምኪያድ ብዝለዓለ ክስርሓሉ ተላብዩ።

ኣቦ-መንበር መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ስዊዘርላንድ መንእሰይ ኣጎስቲኖ ርእሶም ድማ፡ እቲ ባህላዊ መደብ ንስነ-ጥበባውያን ሰለስተ መድረኻት ዝሓቘፈ ምዃኑ ብምግላጽ፡ መንእሰያት - ቀንዲ ሕመረት መጻኢ ወለዶታት ስለዝኾኑ፡ ሪዚን ሓላፍነት ከምዝሰከሙ ተገንዚቦም ብንቕሓት ክነጥፉ ተላብዩ።



## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ምስ ነበርቲ ዓሰብ ዘትዩ




ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም ገብረጻድቕ፡ ምስ ወከልቲ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓሰብ፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘትዩ።

ኣብ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ገበን፡ ከምኡ’ውን ባህርያት ገበናትን በደላትን ብሓፈሻ፡ ዘስዕበዎ ማሕበራውን ቁጠባውን ሃሰያን ግኑናት ተርእዮታት ኣብ’ቲ ዞባን ድማ ብፍላይ ዘተኮረ ሰፊሕ መብርሂ ብምሃብ፡ ኣብ ምክልኻሉ ንቑሕ እጃሞም ከበርክቱ ጸዊዑ።

ሕጊ ቀያድን ኩሉ ብማዕረ ከተግብሮ ዝግባእን ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነትን ጎድናዊ ሳዕቤናትን ስለዘየድሕን፡ ወለዲ ንደቆም ብበሉጽ ክብርታት ክኹስኩሱ ተላብዩ።



“ሰላምን ርግኣትን፡ ፖሊስ ንበይኑ ብዝገብሮ ስራሕ ክረጋገጽ ኣይክኣልን” ድሕሪ ምባል፡ ንቕሓትን ተሳትፎን ህዝቢ መሰረታዊ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዝቘመ ኮማዊ ፖሊስ ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ብዝሓየለ ክቕጽል ተማሕጺኑ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ከተማ ዓሰብ ኣቶ ብርሃነ ኪዳነ ብወገኑ፡ ፖሊስ ብቐጻሊ ምስ ህዝቢ ዝገብሮ ርክባት ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ሕግን ምክልኻል ገበናትን በደላትን ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ነበርቲ ብንቕሓት ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

## ማእከል - መዓልቲ ስነ-ሕሳብ ተዘኪራ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መዓልቲ ስነ-ሕሳብ፡ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ባሕቲ መስከረም ብዘዳለውዎ መሰናድኦታት፡ ብ4 ጥሪ ተዘኪራ።

ርእሰ-መምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ጎይትኦም ብርሃነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ትሕዝቶ፡ ዓቕምን ክእለትን ተመሃሮ ንምፍታሽ፡ ካብ 6ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ብዘለዉ ተመሃሮ ከምእተዳለወ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ መደባትን ውድድራትን ብቐጻሊ ብምስራዕ ክእለቶም ዘዕብዩሉ ባይታ ከምዝፍጠር ኣረዲኡ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ መደብ መምህር ያሲን ኣብርሃም፡ እቲ ኣብ ስነ-ሕሳብ፡ ስነ-ፍልጠትን ምንባር ብሚላን ዘተኮረ ትሕዝቶ፡ ውጽኢት ተመሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር መስፍን ወልደሰላሴ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ’ቲ ኣብ ስነ-ሕሳብ ዝርአ ድኽማት ንምፍዋስ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ብዝለዓለ ከምዝሰራሓሉ ሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ውጽኢት ምህዞን ሰንዳን ክቐርብ ከሎ፡ ሓድሽ መውዓሊ ቈልዑ ተኸፊቱ።

# ፎርቶ-ሳዋ - ቁጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳ ነፍሰ-ጾራት ይውስኽ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትካላት ጥዕና ቀሪበን ስሩዕ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ዝገብራን ኣብ ትካል ጥዕና ዝገላገላን ነፍሰ-ጾራት ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ - ነርስ ሃይለ ሓየሎም ሓቢሩ።

ሳላ'ቲ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎትን ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዝካየድ ዘሎ ውሁድ ጻዕርን መረዳእታ ነፍሰ-ጾራት ብምብራኹ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 73 ሚእታዊት ዝነበረ መጠን ስሩዕ ክትትል ዝገብራ ነፍሰ-ጾራት፡ ኣብ 2025 ናብ 85 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ገሊጹ።

ነርስ ሃይለ ወሲኹ፡ ኣብ 2024 ኣስታት 55 ሚእታዊት ዝነበረ መጠን ሕርሲ'ውን ኣስታት 63 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ እዚ ደረጃ'ዚ ሳላ ምዕሩይ ዝርግሐ ትካላትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ከምኡ'ውን ንቕሓት ሕብረተሰብ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ እዋን ሕርሲ ኪጋጥም ዝኽእል ሕልኽላኻትን መጠን ሞት ኣደን ዕሸልን ንምውጋድ፡ ነፍሰ-ጾራት ክሳብ ዕለተ ሕርሰን 8 ግዜ ናብ ትካል ጥዕና ቀሪበን ኩነታት ጥዕናአን ክከታተላ ዝመኽረ ተሓጋጋዚ ነርስ ወልደኣማኒኤል ተስፋብርሃን ብወገኑ፡ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ማእከል ጥዕና ፎርቶ-ሳዋ፡ ኣገልግሎት ክታበት፡ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ፡ ወለንታዊ መርመራ ደም፡ ክትትል ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት፡ ኣገልግሎት ሕርሲ፡ ከምኡ'ውን ፍወሳን ምክልኻልን ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማትን ዘጠቓልል መሰረታዊ ኣገልግሎታት ብስሩዕ ይውሃብ።



# ነበርቲ ደቂ ዓንዱ፡ ሕጽረት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ይሰርሑ

ነበርቲ ደቂ ዓንዱ - ንኡስ ዞባ ዲባርዕድ፡ ገዛዝዖምን ጉልበቶምን ኣወፊዮም ሕጽረታት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ይሰርሑ ኣለው።

እቲ መደብ፡ ምስራሕ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን ትካል ጥዕናን ከምዘጠቓልል፡ ካብ ኮሚቴ ልምዓት ዓዲ ኣቶ ተኽለሰንበት ኣሚን ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተስፋእየሱስ በኺረ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ዘረጋግጸሎም ዕማም፡ ብምትብባዕ መንግስቲ ይስላሰል ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንልዑል ተሳትፎን ኣበርክቶን ህዝቢ መጉሱ።

ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ምስ ዛዘሙ፡ 10 ኪሎሜተር ተጓዒዞም ኣብ ሓድሽ ዓዲ ክመሃሩ ምጽንሖም፡ እዚ ድማ ከቢድ ሃልኪ ከምዘኸትል ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋእየሱስ፡ ሙብዛሕትኦም ደቀኣንስትዮ ከቋርጻ ከምዝገድዳ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣደታትና'ውን ንኽሓርሳ ናብ ማእከላት ጥዕና ሓድሽ ዓድን ሓወሲ ከተማ ኣደንን ክኸዳ ምጽንሐን ብምጥቃስ፡ ነቲ ስራሕ ብዓወት ንምዝዛም፡ ተራን ኣበርክቶን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ዞባን ከይፍለዮም ተማሕጺኑ።

ምምሕዳር ከባቢ ደቂ ዓንዱ፡ ኣስታት 20 ኪሎሜተር ንሸነኽ ደቡብ ካብ ሓወሲ ከተማ ኣደን ርሒቓ ትርከብ።

# ኣቑርደት - ንሃበርም ተመሃሮ ምትብባዕ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ድርኺት ይፈጥር



ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ሃገራዊ ፈተናታት ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ዝሃበር ምትብባዕ፡ ኣብ መንን ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ብምሕዳር ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ድርኺት ይፈጥር ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተናታት ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ንምትብባዕ ኣብ ዝተወደበ ኣጋጣሚ'ዩ።

ን12 ተመሃሮ 8ይ ክፍሊ ሽልማት ታምፈዳ፡ ን7 ተመሃሮ 12 ክፍሊ ድማ መተባብዒ ሽልማት ኣብ ዝተዓደለሉ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ መንእሰይ ያሲን መሓመድ-ኑርን ርእሰ መምህር ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ መምህር ሓረጎት ተኽለብርሃንን፡ ሳላ ዝሃበር ምትብባዕ ብቕዓት ተመሃሮ ምምሕያሽ የርኢ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ኣቦመንበር ኮሚቴ ወለዲ ኣቶ ደርጋኣለም እዝራ ብወገኑ፡ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ወጽኢት ተመሃሮን ንኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ዝገድፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ተሳትፎን ኣበርክቶን ወለዲ ዝዕበየሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝሰርሕ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑምን ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር ጸጋየ በየነን ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንበሉጻት ተመሃሮ ዝሃበር ምትብባዕ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ዘመሓይሹ ዛዕባታት ዘተኩረ ስጉምትታት ክወሰድን ተራ ኮም ኣብ ምሕያል ብቕዓት ትምህርትን ወጽኢት ተመሃሮን ክዕበን ኣዘኻኺሮም።

# ድባሩዋ - ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ ስልጠና ይወሃብ

ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ምዕባይ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓቢ ተራ ስለዘለዎ ብውዱብ መልክዕ ክሰራሓሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ካብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 294 መምህራን፡ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ጥዕናዊ ኣእምሮ፡ ኣገዳስነት ምውዳብ ኣብ ማሕበር መምህራንን ካልእን ዘተኮረ ስልጠና ኣብ ዝተዋህበሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

እቲ ብምውሃሃድ ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብን ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ድባርዋን ተወዲቡ ብ27ን 28ን ታሕሳስ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሜላታት ኣመሃህራ፡ ኩበሪታት መምህር፡ ምክትታል ጥዕናዊ ኣእምሮ ተመሃሮን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ድባርዋ መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኣገዳስነት ስልጠና ንመምህራን ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀጻሊ ተመሳሳሊ ስልጠናታት፡ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ክውደብ ተላቢዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሰሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙና ዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሴላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ሌላ ምስ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ



ማርታ ክብሮም

ዝሓለፈ ቅንያት ብስራሕ ካብ ኣስመራ ተበጊስና ናብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ዝተጎዓዝናሉ ከረን ብምሕላፍ ኢና ኣቲና። ንቦታት ጀንገሬን ሓሊፍና፡ ኣብ ደረት ጽርግያ ዝርከብ ሓልሓል፡ ማይ ኣዋልድ፡ ኣልጋዕታ፡ ገርበት፡ መሉብሶ፡ ረጃዩ፡ ቀርጃት፡ እንረዝብት፡ ዋንከ፡ ሃወሻ ዝበሃላ ዓድታት ሓሊፍና፡ ድሕሪ ናይ 120 ኪሎ ሜተር ጉዕዞ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ኣሱዳ በጺሕና።

ኣሱዳ ማእከላይ ኩነታት ኣየር ዘለዋ ኮይና ንኽትነብረላ ምችእቲ ቦታ እያ። ህዝቢ ምቕሉል ተቐባሊ ኣጋይሽ'ዩ።

ምምሕዳር ከባቢ ኣሱዳ ኣብ ውሽጢ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ትርከብ፡ ብዛዕባ ኩነታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ንምፍላጥ ደማ ፈለማ ምስ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ቀጺልና ምስ ሓለፍቲ ኣሃዱ ጨንፈር ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሕርሻን ዕላል ኣካይድና። ምሉእ ትሕዝቶኡ ደስዕቡ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ መሓረና ተኽለኣብ ንኩነታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡

ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ብሰሜን ምስ ሰልዓ፡ ብምብራቕ ምስ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ብምዕራብ ምስ ንኡስ ዞባ ከርከበት፡ ብደቡብ ከኣ ምስ ንኡስ ዞባ ሓልሓልን ሓጋዝን ትዳወብ። ስፍሓት እዚ ንኡስ ዞባ 2388 ሄክታር እዩ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ሻካ ወግሬት፡ ኣሱዱ፡ ሽጋሊ፡ ኣሮታ፡ ኣስማጥ፡ ሃወሽ፡ ኢረሩ ሕሩፃም ኣብ ዝበሃላ ሸሞንተ ምምሕዳር ከባቢታት ዝተጠርፉ 28 ዓድታት ኣለዋ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ 43 ሽሕ ነባሪ ኣሎ። 95 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ብማሕረስን ጉሰትን ይነብር።

ኣቶ መሓረና ንኩነታት ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዚ ንኡስ ዞባ ብኽቦታት ዝተኸበበ ብምዃኑ፡ ሕርሻ ከተልምዕ ቁሩብ ክቢድ ዝበለ እዩ። ንምፍራይ ንህቢ ዝኸውን ምቹእ ቦታ ግና ኣሎ። ኣብዚ መዳይ ንቕሓት ህዝቢ ክምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ስለዚ ንቕሓት ክብ ንምባል ንኣስታት 430 ሓረስቶት ስልጠና ሂብና።

ብዘይካዚ ካብ ተጻባይነት ንምድሓን ብዙሕ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንኽንሰርሓሉ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ዕላማ እዚ ንጥፈት፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ ተጻባይነት ድሒኑ ነፍሱ ንኽኽእል እዩ።

መደብ መግቢ ብስራሕ 'ውን ዓያዩ ሕብረተ ሰብ ከፍሪ ክኢሉ እዩ። ብመገዲ እዚ ንጥፈት ማይን ሓመድን ክንዕቅብ ክኢልና። ገረብ ክንተኽል ስለ ዝጀመርናዮውን፡ ቁጽሪ እንስሳ ዘቡዎም ከባቢ ክኢሉ እዩ።

ቀጺሉ ኣቶ መሓረና ንኩነታት መጉዓዝያን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ሓንቲ ሓራት ጥራይ እያ ዘላትና። ኣብ ሳልስቲ ካብ ከረን ተበጊሳ ናብዚ ትመጽእ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ግና እቲ ጽርግያ ናይ ሓመድ ብምዃኑ ስለ ዝበላሾ፡ እታ ኣውቶብስ ኣይትመጽእን እያ።

ኣብ ማስመራት ቴሌፎን ኩሉ ቦታታት እዚ ንኡስ ዞባ ዝዋንኡ ሽፈነ ክረክብ ኣይክኣለን ዘሎ።

ኣቶ መሓረና፡ እቲ ንኡስ ዞባ ከም ምንጪ ዝስተ ማይ ዝጥቀምሉ ዒላታት ብምዃኑ፡ እኹል ዝናብ ኣብ ዘይብሉ ግዜ ግና እተን ዒላታት ከም ዘይመልኣ ድሕሪ ምግላጽ ብጀካ ምምሕዳር ከባቢ ኣሮታ እኹል ቀረብ ዝስተ ማይ ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምሕባር ዝምልከቶ ኣካል ፍታሕ ክገብረሉ ተላቢዩ።

ቀጺሉ፡ "ምጥርናፍ ዓድታት ሓደ ካብቲ ንሰርሓሉ ዘለና እዩ። ናብቲ ሓደ ቦታ ክተምጽኦ እንተ ኮይንካ ግና ኣገልግሎት ማይ ክተዳሉ ኣለካ፡ እዚ ሓደ ብድሆ ኮይኑ ዘሎ እዩ" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣመሓዳሪ መሓረና፡ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣትን ጸገማትን ሓደ ካብ ንጥፈታት ህዝቢ እቲ ንኡስ ዞባ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወርሓዊ ካብ ደሞዙ ከም ዝዋጽእ ብምግባር ሎሚ ዓመት 140 ሽሕ ናቕፋ ተዋጺኡ ን310 ስድራ ስውኣት ከም ዝተዋህበ ገሊጹ። ዕላማ እቲ ንጥፈት በቲ ደገፍ ገይርም ህይወቶም ንምቕያርን ኣብኦም ንምኽኣልን ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ኣቶ በየነ ዑቕባስላሰ ሓላፊ ኣሃዱ ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ንኩነታት ትሕቲ ቅርጻን ኣገልግሎት ጥዕናን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ሓንቲ ማእከል ጥዕና፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ሽጋሊን ኣሮታን ከኣ ክልተ መደበራት ጥዕና ከም ዝርከብ ኣብሪሁ። ኣብ ማእከል ጥዕና ኣስማጥ ልዕሊ 15 ሞያውያን ሓካይምን ብደምር ኣብቲ ንኡስ ዞባ ከኣ ሸውዓተ ኣጋር ሓካይምን ከም ዝርከቡን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣቶ በየነ ቀጺሉ፡ "ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣሱዳ እትርከብ ማእከል ጥዕና ን8 ምምሕዳር ከባቢታት ኣገልግሎት ትህብ። ኣብዚ ከም ብድሆ ዝርኣ ዝበዝሐ ዓድታት ናይዚ ማእከል ጥዕና ካብዚ ማእከላይ ቦታ ቁሩብ ርሑቕ ዝኾኣ እየን። እቲ ዝረሓቐ 'ሒናብ' ዝበሃል ዓዲ ኮይኑ ኣስታት 60 ኪሎ ሜተር ርሒቑት ኣሎ። ኣብ 6 ወርሒ ናብተን ርሑቓት ዓድታት እናኸድና ክትትል ንገብር ኢና። ብዘይካዚ ኣኣብ ወርሒ ብመገዲ 'ኣውትሪች' ክታበት ንምሃብ ንኸይድ ኢና" ኢሉ።

ማእከል ጥዕና ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 21 ኣገልግሎታት ትህብ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ ኣገልግሎት ኦፒዲ ዓይነትን ንኣሽቱን መርመራ ዓሶ፡ መርመራ ኤች ኣይቪን ሸንትን ካልእን ትህብ። ኣብ ማእከል ጥዕና ኣሱዳ ልዕሊ ሰለስተ ክፍልታት መጸቢ ጥኑሳት ስለ ዘሎ ካብ ርሑቕ ከባቢታት ብምምጻእ ናብዚ መጸኣን ተጸበየን ዝሓርሳ ኣዴታት ኣለዋ።

ተጠቃምነት ዓይኒ ምድሪ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዘሎ ዝገለጸ ኣቶ በየነ ንቕሓት ህዝቢ ኣብዚ መዳይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ድማ ንኩነታት ሽቓቕ ዝከታተሉ ኣስታት 34 ኣባላት ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ብብዝሒ ዝርአ ሕማም ዓሶ እዩ። ረኽሲ ሸንቲ፡ ነድሪ ሳንቡእ'ውን ንዓሶ ሰዓብም ካብቶም ብብዝሒ ዝረአዩ ሕማማት እዮም።

ኣቶ በየነ ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣሃዱ ክፍሊ ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣብ ዝርከብ ክልቲኤን መደበራት ጥዕና ከም ዓቢ ብድሆ ዝርኣ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ከም ዘይብለን ድሕሪ ምጥቃስ ንሓንቲ ነፍሲ ጾር ብምፕፋዊና ከተሕርስ ክቢድ ዝበለ ምኳኑ ኣስሚሩሉ። ዝምልከቶ ኣካል ኣቃልቦ ክህቦ ድማ ተላብዩ።

መምህር ኢብራሂም እኩድ - ሓላፊ ኣሃዱ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ኣብ ዝተማህረሉ ቤት ትምህርትን ንኡስ ዞባን የገልግል ብምህላዉ ሓበን ከም ዝስምዖ ገሊጹ። ንሱ ንኩነታት ትምህርቲ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ክገልጽ ከሎ፡ "ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ ኣብ 1984 እያ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ተመስሪታ። ቅድሚ ናጽነት ኣብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ ክመሃር



ሓኪም በየነ ዑቕባስላሰ

ከለኹ፡ ኣብ ጥዑይ ገደሩ ዘይተሰርሐ ኣጉዶታት ኢና ንመሃር ነይርና። ሎሚ ግና ኩሉ ትሕቲ ቅርጺ ከም እኹል መማሃሪን ቤት ጽሕፈትን ክፍልታት፡ ቤት ንባብን ሜዳ ስፖርትን ተዋዲዱላ ደርኩብ። ብሓፈሻ ተሳታፍነት ተማሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክርአ ከሎ፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። ደቂ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዘይሰድድ ወላዲ ዳርጋ የለን ክብሃል ይከኣል። ኣብዚ ቦታ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ናጽነት ስለ ዝተኸፍተ፡ ሳላ ህዝባዊ ግንባር ህዝቢ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ጽቡቕ መንቓሕቓሕታ ከንጸፍ ክኢሉ እዩ። ኮታስ ሓያል ውዓብ ህዝባዊ ግንባር ሱር ማሰረት ናይ ትምህርቲ ክኸውን ክኢሉ እዩ። ስለዚ እቲ ሱር ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝጣጠሐ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘተኣፍ ነገር የብልናን" ክብል ኣረዲኡ።

መምህር ኢብራሂም ኣብቲ ንኡስ ዞባ 14 መዋእለ ህጻናት፡ 23 ትምህርቲ ዓበይቲ፡ 6 ትምህርቲ ዓርያት ዝርከብኦን ብጠቕላላ ኣስታት 57 ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣሱዳ ትርከብ ኣሕዳራት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ ካብ ሃበሮ፡ ሓጋዝ፡ ገሉብ ከምኡ'ውን ካብ ካልእ ቦታ ዝመጹ ሰኸላኑ ደቂ ስውኣት፡ ጸገማትን ካልእ ውልቃዊ ጸገማት ዘለዎም ተማሃሮን ኣብ ምምሃር ትርከብ። ኣብ ሓደ እዋን ድማ ኣስታት 1400 ተማሃሮ ክትሕዝ ትኽእል።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣስታት 9600 ተማሃሮን 255 መማህራንን ኣለዉ። ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ



መምህር ኢብራሂም እኩድ

ትምህርቲ ኣስታት 40 ሚእታዊት በጺሑ ደርኩብ። ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣብ መጀኢታ ዝመሃርሉ ቋንቋ ኣደ ትግረ እዩ።

ቀጺሉ መምህር ኢብራሂም፡ "ኣብዚ ከም ብድሆ ዝርአ ኣስታት 70 ሚእታዊት ካብ ተማሃሮና ብመገዲ መዋእለ ህጻናት ናብ መጀኢታ ዝጽንበሩ ኣይኮኑን። እቲ ምኽንያት ድማ ብሰንኪ ዘይምጥርናፍ ዓድታት እዩ። ስለዚ ብቅዓት ትምህርቲ ክብ ንምባል፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ኮማዊ መውዓሊ ህጻናት ክተኣታተዉ መደብ ኣሎ። እቲ ምንታይ ኣብ ኮማዊ መዋእለ ህጻናት ዝተማህረ ተማሃራይ፡ ንመጀኢታ ክኣቱ ድሉው ኣሎ ማለት እዩ። ኣብዚ መዳይ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምሕያል ትምህርቲ ልዑል እዩ። ስለዚ ኩሉ ንትምህርቲ ዝኸውን ወጻኢታት ክኸፍል ድሉው እዩ። ኣብዚ ዝምህራ ደቂ ኣንስትዮ 'ውን ኣሰልጢንና ኣለና፡ " ኢሉ።

ንኩነታት መርዓ ትሕቲ ዕድመ ኣመልኪቱ ድማ፡ ናይ ዓዲ ሕጊ ስለ ዘሎ ሳዋ ከይከዳ ኢለን ትሕቲ 18 ዓመት ዝምርዓዋ ደቂ ኣንስትዮ የብልናን። ኩሉ እዚ ንጥፈት ድማ ብህዝቢ ብመገዲ ወከልቲ እዩ ዝተፈደ። ስለዚ ብፍጹው ዝግበር መርዓ ትሕቲ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ የለን።

ኣብ መወዳእታ መመህር ኢብራሂም፡ "ትምህርቲ መፍትሕ ናይ ኩሉ ነገር እዩ። ህዝቢ ኣስማጥ ናይ ቀደም ተበግሶኡ፡ ውዳበኡ፡ ሓይሉ፡ ኣብ ቦትኡ መሊሱ ከምቲ ቀደም ህዝባዊ ግንባር ዝፈልጦ ናብ ቦትኡ ተመሊሱ ደቁ ብዝዮኑ ብምምሃር ኣብ ዝበጽሕ ክበጽሕ ይግባእ" ክብል መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ትሑት ጸቕጢ ደም

ትሑት ጸቕጢ ደም 'ሃይፖተንሺን' (Hypotension) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። እቶም ኣገደስቲ ኣካላት ሰብነትና እኹል ደም ክረኽቡ ብዘይ ምኽኣሎም፡ ጽርውርው ዘብል ስምዒት እዩ ዝፈጥር።
ድሕሪ ምምጋብና፡ ካብ ኮፍ ዘበልናሉ ተላዒልና ደው ክንብል እንከለና፡ ርእስና ጽርውርው ክብለና ኣስተብሂልና ኣለና። እዚ ብሰንኪ ትሑት ጸቕጢ ደም እዩ ዘጋጥም። ትሑት ጸቕጢ ደም ምስ ዝተፈላለዩ ጥዕናውን ባህርያውን ኩነታት ተኣሳሲሩ ይመጽእ እዩ።

### ትሑት ጸቕጢ ደም እንታይ ማለት እዩ?

ልቢ ኣብ እተካይዶ ነፍሲ-ወከፍ ህርመት፡ ደም ብመንገዲ ኣርተሪ ተደፊኡ ከም ዝጭንገዕ እያ ትገብር። ደም ብመንጽር መናድቕ ሻምብቆ ኣርተሪ ተደፊኡ ንኽወጽእ ዝፍጠር ሓይሊ፡ ጸቕጢ ደም (blood pressure) ይብሃል።
ጸቕጢ ደም ብኢካይዶ ንጥፈታት፡ ክብን ለጠቕን ክብል ንቡር እዩ።
ጸቕጢ ደም፡ ደምና ብሻምብቆታት ኣርተሪ ክሓልፍ እንከሎ ዘድልዩ ሓይሊ እዩ ዘመልክት።

**ጸቕጢ ደም ብኽልተ ነገራት እዩ ዝልካዕ** - ልቢ ኣብ ትሃርመሉ ግዜን ኣብ መንጎ ህርመት ዘሎ ልቢ እተዕርፈሉ ግዜን።
ልቢ ኣብ እትገብሮ ነፍሲ-ወከፍ ትርግታ፡ ናብ ሻምብቆታት ኣርተሪስ ደም ትጭንገዕ እያ። ልቢ ደም ኣብ እትጭንገዓሉ፡ ጸቕጢ ደም ዝለዓለ ይኸውን። እዚ፡ 'ጸቕጢ ሳይስቶሊክ' (systolic pressure) ንብሎ። ልቢ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምጭንጓዕ ዘለዋ ዕረፍቲ ጸቕጢ ደም ይጎድል። እዚ ድማ፡ 'ጸቕጢ ድያስቶሊክ' (diastolic pressure) ንብሎ።

- **ጸቕጢ ሲያስቶሊክ፦** ቨንትሪክል ዝተባህለ ክፍሊ ልቢ ተጨቢጡ፡ ደም ብመንገዲ ሻምብቆ ኣርተሪ ንዝሓልፈሉ ሓጺር ግዜ ይልክዕ። እዚ ምሉእ ሰብነትና እኹል ደም ከም ዝረክብ ዝገብር እዩ።
- **ጸቕጢ ዲያስቶሊክ፦** ልቢ ኣብ መንጎ ተካይዶ ህርመት ንዘሎ ናይ ዕረፍቲ እዋን ይልክዕ። ዲያስቶሊክ፡ ኮሮናሪ ዝተባህለ ክፋል ልቢ ደም ከም ዝመልእ ብምግባር፡ ልቢ እኹል ቀረብ ደም ክትረክብ ዝገብር ግዜ እዩ።

ጸቕጢ ደምና ንምግላጽ ክልተ ቁጽርታት ኢና ንጥቀም። እቲ ላዕለዋይ (ተመቃላይ) ቁጽሪ ንናይ ሲያስቶሊክ ንባብ የመልክት። እቲ ታሕተዋይ (መቓሊ) ድማ ንናይ 'ሲያስቶሊክ' ንባብ የመልክት። ጸቕጢ ደምና ንቡር ክኸውን ጽቡቕ'ዩ። ትሕቲ 120/80 ክኸውን እዩ ዝምከር።
ጸቕጢ ደምና ልዕሊ ንቡር ዝተሓተ ክኸውን ግን የብሉን። ብቐሊሉ ከም እትደክምን እትድንዝዘን እዩ ዝገብር። ኣብ ገለ ኩነታት'ውን ንዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከቃልዓካ ይኽእል እዩ። ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ትሑት ጸቕጢ ደም - 'ሃይፖተንሽን' (hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሓደ በጽሒ ኣብ 'ሃይፖተንሽን' ኣትዩ ክንብሎ እንተ'ኳ ኾንና፡ ንባብ ጸቕጢ ደሙ ትሕቲ 90/60 ክኸውን ኣለዎ።

### ዓይነታት 'ሃይፖተንሽን'

ሓያሎ ዓይነት 'ሃይፖተንሽን' (ትሑት ጸቕጢ ደም) እዮም ዘለዉ። ብመዓስ የጋጥሙን ጠንቀምን ድማ ይፈላለ እዩ።
'ኦርቶስታቲክ' - Orthostatic
'ኦርቶስታቲክ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጸቕጢ ደም፡ ኮፍ ኢልና ወይ ተጎምቢና ጸኒሕና ሃንደበት ደው ክንብል እንከለና ዘጋጥም እዩ። እዚ ከምዚ ክንከውን ዝገብር ድማ፡ ኣብቲ ጸቕጢ ደም ናይ ንጣብ ምቅይያራት ስለ ዝፍጠር እዩ። ብእንገብሮ ምቅይያር ናይ ኣቃውማ ዘጋጥም ብምዃኑ'ውን 'ፖስቹራል ሃይፖተንሽን' (postural hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ።
ኣካላትና ምስቲ ንገብሮ ምቅይያር ናይ ኣቃውማ ክመዓራረ፡ ሰንከልከል ክንብል ወይ ጽርውርው ክብለና ንቡር ይኸውን። ስለዚ እዩ ድማ ገለ ሰባት ኮፍ ኢሎም ክትንስኡ እንከለዉ ናብ ሰማይ ምጥማት ዝመርጹ።
'ኦርቶስቲክ ሃይፖተንሽን' ልሙድ ተርእዮ ናይ ዋሕዲ ጸቕጢ ደም እዩ። ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዘርከብ ሰብ ክጸሉ ዝኽእል እዩ። ዚያዳ ግና ኣብ ኣባጽሕን ዝሸምገሉ ሰባትን ይርአ። ዕድመን ነፍሰ-ጾር ምዃንን'ውን ንባዕሉ ጠንቂ ዋሕዲ ጸቕጢ ደም ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።
ንስርዓተ መትኒ ዝትንክፉ ከም ሕማም ምንፍጥፋጥ ሰብነት (Parkinson's disease) ከምኡ'ውን ሕማም ሽኮር ናብ ውሑድ ደቕጢ ደም የሰጋግሩና እዮም። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ሕማም ፓርኪንሶን ካብ ዘለዎም ሰባት እቶም ካብ 30 ክሳብ 50 ሚእታዊት፣ ሕማም ሽኮር ካብ ዘለዎም ሰባት ድማ እቶም 30 ሚእታዊት ትሑት ጸቕጢ ደም የጋጥሞም።

**ድሕሪ መግቢ ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም - Postprandial**




ገለ ሰባት መግቢ ድሕሪ ምምጋቦም ርእሶም ጽርውርው ክብሎምን ክሰልችዎን ይረኣዩ እዮም። እዚ ብሰንኪ ኣብ ሰብነቶም ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም እዩ። 'ፖስትፕራንዲያል ሃይፖተንሽን' (Postprandial hypotension) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ድሕሪ መግቢ ዝርአ ትሑት ጸቕጢ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣባጽሕ የጋጥም።

**መትናዊ ፍወሳ - Neurally mediated**

ጸቕጢ ደም ኣብ መንጎ ስርዓተ መትንን ካልኦት ስርዓታት ሰብነትን (ከም ሆርሞናትን ኣካላትን) ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ኣብ መንጎ እዞም ስርዓታት ዝካየድ ምዝንባል ድማ ትሑት ጸቕጢ ደም ከጋጥም ንቡር እዩ። ኣብ መንጎ ልብን ሓንጎልን ዘጋጥም ዘይምንባብ 'ኒውራልዩ መዲተይትድ ሃይፖተንሽን' (Neurally mediated hypotension) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ጸቕጢ ደም'ዚ፦

- ብሓደ ዓይነት ኣቃውማ ንነዊሕ ሰዓታት ደው ኢልካ ምጽናሕ። ህጻናት ካብ ኣባጽሕ ንላዕሊ ከምዚ ዓይነት ኣቃውማ ከዘውትሩ ይረኣዩ።
- ስምዒታዊ ምኽንያት። ከቢድ ራዕድን ስንባደን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ገለ ሰባት መርፍእ ክውግኡ ወይ ስኢ ክንቅሉ እንከለዉ ክወድቁ ይረኣዩ እዮም። እዚ ብሰንኪ መትናዊ ፍወሳ ዘጋጥም ትሑት ጸቕጢ ደም ኢልና ንገልጾ።

**ጽኑዕ ተባሂሉ ዝምደብ ዓይነት ትሑት ጸቕጢ ደም**

ኣብ ግዜ ስንባደ ሃንደበት ምትሓት ጸቕጢ ደም ይርአ እዩ። ኣብ ከምዚ ስምዒታዊ ኩነት ኣካላትና እኹል ደምን ኦክስጅንን ኣይረኽቡን። እዚ ዓይነት ትሑት ጸቕጢ ደም ኣብ ግዜኡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን እንተዘይረኺቡ ከቢድ ጉድኣት እዩ ዘስዕብ።

**ካልኦት ዓይነታት**

ብዙሕ ግዜ ትሑት ጸቕጢ ደም ዘጋጥመካ እንተ'ኾይኑ፡ ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኸውን ይኽእል እዩ። ጸቕጢ ደም ንምፍዋስ ንወስዶ መድሃኒት ሓደ ሓደ እዋን ትሑት ጸቕጢ ደም የስዕብ እዩ።
ንኹነታት ልቢ፡ መትኒ፡ ጸላም ኩብዲ፡ ወይ ገለ ሆርሞናት ዝትንኪ ኩነታት ትሑት ጸቕጢ ደም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ዋሕዲ ቫይታሚን ንባዕሉ ጠንቂ ትሑት ጸቕጢ ደም ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

**ጠንቂ**

ናይ ዝኾነ ሰብ ጸቕጢ ደም ኣብ ሓደ ወይ ካልእ ግዜ ይጎድል እዩ። ዋሕዚ ደም ዝቆጻጸር ውሽጣዊ ኣካላትና ኣብ ገለ እዋን ትሕቲ ንቡር ጸቕጢ ደም ከም ዝህልወና ይገብር እዩ።
ገለ ሰባት፡ ብዘይ ዝኾነ ዝርአ ምልክት፡ ኩሉ ግዜ ትሑት ጸቕጢ ደም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ጸቕጢ ደም ንጹር ኣይኮነን።
ጠንቂ ሃንደበታዊ ምትሓት ጸቕጢ ደም
ሃንደበታዊ ምትሓት ጸቕጢ ደም ድሕሪ ገለ ክስተት/ ፍጻመ ዘጋጥም እዩ።

**- ብቕጽበት ኮፍ ኢልካ ጸኒሕካ ደው ብምባል፡**

- መግቢ ብምምጋብ፡
- ሃንደበት ናይ ፍርሒ ወይ ስንባደ ስምዒት ብምርኣይ ከጋጥም ይኽእል።

**ትሑት ጸቕጢ ደም ከፈጥሩ ዝኽእሉ ኩነታት**

ገለ ኩነታት ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ትሑት ጸቕጢ ደም ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ብኣግኡ ክፍወሱ ምስ ዘይክእሉ ድማ ንህይወት ይፈታትኑ እዮም። እዞም ኩነታት'ዚኦም፦

- ብሰንኪ ነፍሰ-ጾር ኣደን ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸልን ዝርአ ጠለብ ደም ብምውሳኽ ዝርአ ኩነታት፡
- ብሰንኪ መጥቃዕቲ ልቢ ወይ ካልእ ጸገማት ናይ ልቢ፡ ኣብ ዑደት ደም ዝፍጠር ዘይምምዕርራይ፡
- ንቕጸተ ሰብነት ዝፈጠሮ ተምላስን ውጹኣት ዘሰዓቦ ዘይምምዕርራይ ፈሳሲ ሰብነትን፡
- ረኽሲ ደም ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

### ምልክታት ትሑት ጸቕጢ ደም

'ሃይፖተንሽን' ብዙሕ ግዜ ምልክታት ኣየርእን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ትሑት ጸቕጢ ደም ማለት ኣካላትና ንኽነጥፉ እኹል ደም ይረኽቡ የለዉን ማለት ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ከጋጥም እንከሎ ገለ ምልክታት ክንርኢ ንቡር እዩ።

- ምስልቻው፡
- ሃለዋትካ ክትጥፍእ ክሳብ እትደሊ ዝመስል ሕውዝውዝ ምባል፡
- ሚዛን ሰብነትካ ክትስሕት ክሳብ እትደሊ ጽርውርው ምባል፡
- ክተምልስ ክሳብ እትደሊ ዕግርግር ምባል፡
- ቀርበት ሰብነትካ መጠግጠግ ምባል፡
- ሕልናኻ ምዕራብ፡
- ኣድህቦ ምጥፋእ፡
- ነገራት ብዝግባእ ክተለሊ ዘይምኽኣል ገለ ካብ ምልክታት ትሑት ጸቕጢ ደም እዮም።

### ትሑት ጸቕጢ ደም ብኸመይ ንፍውሶ?

ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ብምኽታል ንቡር ጸቕጢ ደም ክህልወና ይኽእል።

- ጥዕና ዝህቡ መግብታት ምምጋብ፦ ጸቕጢ ደምና ንቡር ንምግባር ኣብ ኣመጋግባና ቀላሕታ ክንገብር ይግባእ። ስብሕን ቅብኣትን ዘለዎም መግብታት ብብዝሒ ካብ ምውሳድ፡ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን ዝተሓወሶ ክኸውን ይምረጽ።

ትሑት ጸቕጢ ደም፡ መግቢ ምስ እተመገብካ ዘጋጥመካ እንተ'ኾይኑ፡ ድሕሪ ምምጋብካ ተቐላጢፍካ ደው ካብ ምባል ክትዕርፍን ክትዛነን ይምከር።

- ሰብነትና ብዝግባእ ምጥላል፦መዓልታዊ እኹል ፈሳሲ ብምውሳድ ሰብነትና ብምጥላል ካብ ትሑት ጸቕጢ ደም ንምክልኻል ይከኣል እዩ። ኣብ እንንቀሳቐሰሉ ወይ ልዑል ሙቐት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ምስ እንህሉ፡ እኹል ፈሳሲ ንወስድ ከም ዘለና ክንከታተል ይግባእ።
- ስምዒታትካ ምቁጽጻር፦ ኩሉ ግዜ ንጡፍን ህዱእን ክትከውን ጽቡቕ እዩ። ንዘመጽካ ዘሕዝን ወይ ዘሰንብድ ፍጻመታት ተቐሪቦካሉ ክትጸንሕ ስለ ዝገብር።
- ኣብ ሓደ እዋን ንነዊሕ ሰዓታት ደው ወይ ኮፍ ዘይምባል፦ ብሓደ ኣቃውማ ንነዊሕ እዋን ኮፍ ወይ ደው ብምባል ርእስኻ የንጸራርወካ እንተ'ኾይኑ፡ ካብን ናብን ክትንቀሳቐስ ይግባእ።






**ምንጪ፦** everydayhealth

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# ትምህርቲ ስነ ጥበብ ከድሊ ግድን ድዩ፧

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ ዓምዲ ባህልን ስነ ጥበብን፡ ናብዛ ዓምዲ ዝለኣኹ ሕቶታት፡ ርእይቶታት. . . ዝተፈላለዩን ብዙሓትን እዮም። ንገሊኣቶም ኣብ መስርሕ እናመለስናዮም ክንከይድ ጸኒሕና። ገሊኣቶም ግን ሰፊሕ ዝበለ መልሲ ስለ ዝድልዮም፡ ብተናጸል ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ክንደህሰሶም ኢና። ንሎሚ፡ "ሓደ ሰብ፡ ስነ ጥበበኛ ንክኸውን ግድን ደዩ ዓውዲ ስነ ጥበብ ክመሃር ዘሎዎ፧" እትብል ካብ ተኸታተልትና ዝመጸኣትና ሕቶ ብመጠኑ ክንደህሰሳ። ኣብ ዝወሃብ ሓሳብ ንዝህልወኩም ርእይቶ ዓምድና ክፉት'ዩ።

ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኛነት፡ "ጋዜጠኛ ንኽትከውን ግድን ደዩ ጋዜጠኛነት ክትመሃር ዘሎካ፧" እትብል ሕቶ ብዙሕ ካብ ዝተላዕላን ዘካትዓን ሕቶታት ናይቲ ዓውዲ እያ። እወ ወይ ኣይፋል ዝብል መልሲ ክትህበላ ኣይከኣልን። ዘይከኣለሉ ምኽንያት፡ ኣብ ውሽጢ'ታ ሕቶ ብዙሕ ክበሃል፡ ክንጸር፡ ክሕለፍ፡ ክግበር፡ . . . ዘሎዎ ነገራት ስለ ዘሎ'ዩ። ንኣብነት፡ መኪና ንኽትመርሕ (ዘዊርካ ንኽትክእል) ግድን ደዩ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና (ኣውቶስካላ) ኬድካ ክትመሃር ዘሎካ፧ ዝብል ሕቶ ብምልዓል ነታ ቀዳመይቲ ሕቶ ክደህሰሰዋ ይፍትኑ ገለ ተማጎትቲ። ብርግጽ ናብ መምሃሪ ምምራሕ መኪና ከይከድካ መኪና ክትዘውር ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ፡ ፈጺምካ ከይተላመድካ፡ ኣብ ሰድያ መራሕ መኪና ኮፍ ስለ ዝበልካ ጥራይ ግን መኪና ክትዘውር ኣይትኽእልን ኢኻ። ቅድም ቀዳድም ክትመሃር ትግደድ ኢኻ - ምምሃር ብዝተፈላለየ ኣገባብ። ንበል፡ ተሓጋጋዚ መራሕ መኪና ብምኧን ንኹሉ'ቲ መስርሓት ምምራሕ መኪናን ጠባያት መኪናን ትመሃሮ። ቀስ-ብቐስ ድማ ትኽእሎ፣ ደሓር ከኣ ትመልኮ። እዚ መስርሕ'ዚ ንባዕሉ ሓደ መምሃሪ መድረኽ'ዩ። ምምራሕ መኪና ግን ክንዮ ምዝዋር ዝኸይድ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕግታት ዘሎዎ ሞያ እዩ። ስለዚ፡ ክንዮ ምዝዋር መኪና፡ ነቲ ረቂቕ ሕግታት ብግቡእ ክትፈልጥን ከተተግብርን ጥዕና መኪና ብኸመይ ትሕሉ ክትፈልጥን ዘድሊ ረድኤት ክትገብርን ምኽኣል'ዩ ብቑዕ መራሕ መኪና ዘብለካ። እዚ'ውን ብተመኩሮ ክትመሃሮ ትኽእል ወይ ናብ መምሃሪ ትካል ብምኻድ። ኩሉ ግን ምምሃር እዩ።

ናብታ ናይ ዓውዲ ጋዜጠኛነት ድማ ንበል። ኣብ ዓለም ካብ ዝተራእዩ ዓውድታት ዘመናዊ ፍልጠት፡ ብዝሕድሮ ሰፊሕ ሓበራዊ ጽልዋ ምናልባት መዳርግቲ ኣልቦ እዩ ጋዜጠኛነት። ብቐንዱ ናይ ምምሃር፡ ምሕባር፡ ምዝናይ ዓውዲ'ዩ። ብኣውራኡ ድማ ናይ ምጽላው ዓውዲ። ሓደ ሰብ፡ ኣብ ናይ ዜና ትካል ተመዲቡ ብዝተፈላለየ ዓውዲ ክሰርሕ ይኽእል'ዩ። ኣብቲ መስርሕ እናተመኮረን እናፈለጠን ድማ ነቲ ሞያ ጋዜጠኛነት ዝሓቶ መሰረታዊ መትከላት ክፈልጥን ከማልእን ይኽእል። እዚ ግን ኣብ ከባቢኡ ካብ ዝርከቡ፡ ካብ ዝወፍሮ፡ ካብ ዝዕዘቦ . . . ዘዋህልሎ ክእለት ደኣ'ምበር ኣብቲ ትካል ጥራይ ስለ ዝተመደበ ዝመልኮ ኣይኮነን። ሞያ ጋዜጠኛነት ልዕሊ ኩሉ ልዑል ሞያዊ ስነ ምግባር ዝሓትት፡ ዝተፈላለዩን ዝተሓላለኹን ገጻት ዘሎዎ፡ ረቂቕ፡ ልዑል ናይ ምብልሓት፡ ፈጠራውነት፡ ትዕዝብቲ፡ ንቕሓት . . . ክእለት ዝሓትት እዩ። እዚ ድማ እቲ ዓውዲ ኣብ መስርሕ ብዝሃነጾ ተመክሮን ዘዋህለሎ ፍልጠትን ከም ዓውዲ ኣመና ዝተራቐቐ፡ ዝተሓላለኸ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ዓቢ ዓውዲ ፍልጠት ከም ዝኸውን ገይሩዎ። ስለዚ፡ ክንዲ ዝተመኮርካ ተመኮር፡ ንመሰረታውያን መትከላት ናይቲ ዓውዲ እንተስ ብባዕላዊ ህጡር ንቕሓ እንተስ ብትምህርቲ ግድን ክትፈልጦ ኣሎካ። ነቲ ብተመኩሮ ዝፈለጥካዮ ሞያ፡ ንቕሓን ምህሮን ክትውስኸሉ ምኽኣል ንኣፍራዩነትካ ውጽኢታውን ኣድማዕን ስለ ዝገብሮ ዘይሰገር ግድነት'ዩ።

ግደ ሓቂ፡ ኣብ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ተማሂሮም ዘይኣድማዕቲ መራሕቲ መኪና፣ ኣብ ዩኒቨርስቲ ጋዜጠኛነት ተማሂሮም ኩብቕዑ ኣብ ግብሪ እንደዶ ዘይብሎም ሰባት ከም ዘለዉ ኣየካትዕን። እዚ ግን ምስ ትምህርትን ንቕሓን ዝተሓሕዘ የብሉን። ዝኾነ ሞያዊ፡ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ዓውዲ ንባዑ ምስ ዘዕቢ ጥራይ እዩ ኣድማዒ ዝኸውን። ዝኾነ ሞያ ድማ ውጽእ ዝበለ ዋጋ ዝኸፍሉሉ ሞያውያን ስለ ዘለዉዎ እዩ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዝድይብ። ንኣብነት፡ ኣብ ጋዜጣ፡ ሬድዮ፡ ቲቪ፡ ወዘተ. መደብ ዘዳሉ ሰብ ብዘልማድ ጋዜጠኛ ንብሎ ኢና። እዚ ግን ግጉይ እዩ። ክሳዕ'ቲ ሰብ ቡቲ ዓውዲ ዘይተመረቐን ንዊሕ ዘየበርከተን፡ ኣዳላዊ መደብ፡ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ኣንባቢ ዜና፡ ሓታቲ፡ . . . እዩ ክበሃል ዘሎዎ። ልክዕ ከምቲ ናብ ሆስፒታል ምስ ከድና ንዝኾነ ጋውን ገይሩ ዝጸንሓና - ንተሓጋጋዚ ነርስ'ውን - "ዶክተር" እንብሎ'ዩ። ነዚ ንጎድኒ ገዲፍና፡ ሞያውነትን ንሱ ዝሓቶ ዋጋ ምኽፋልን'ዩ ሞያዊ ዝገብርን ሞያዊ ዘሰምን።

እዚ ዝበልኩ፡ ናብታ ስነ ጥበበኛ ንምኳን ግድን ደዩ ስነ ጥበበ ክትመሃር ዘሎካ እትብል ሕቶ ንምምጻእ'ዩ። በዚ ዝበልኩዎ ርድእቲ ኢያ እብል። ስነ ጥቡብ ዓቢ ዓውዲ ፍልጡት እዩ። ብጽልዋኡን ንሓፋሽ ኣብ ሓደ መኣዲ ናይ ምምጻእ ዓቕሙን ድማ'ዩ ዚያዳ ዝልለ። ስለዚ፡ ኣብ ስነ ጥቡብ ዝዕወት ሰብ፡ ሕብረተሰብ፡ ሃገር፡ . . . ናይ ጥቡብ ሰባት ምስ ዘፍሪ ወይ ዝረክብ እዩ። ናይ ስነ ጥቡብ ሰባት፡ ነቲ ሞያ ብሃውሪ ዘይኮነ፡ ዕሙቕ ብዝበለ መረዳእታ፡ ድሌት፡ ፍቕሪ፡ ተወፋይነት፡ ንቕሓ. . . ዝሕዙዎ ሞያውያን እዮም። ስነ ጥቡብ ናይ ፈጠራን ሓሳባትን መፍተሊ መድረኽ እዩ። ንትርጉም ህላው፡ ኣመት መጻኢ፡ ባህጊ ልቢ፡ ድሌትን ሕልምን፡ ቃንዛን ስቓይን፡ ሓርነትን ናጽነትን ብዙሓት ብምስማዕ ጥቡብ ብዝመልኦ ኣገባብ የቕርቦ። ከምዚ ክገብር ልዑል ዓቕሚ ዘሎዎ ተራ ሰብ ክህሉ ድማ ኩቶ ኣይክእልን። ስለ ዝኾነ፡ ንስነ ጥቡብን ሕብረተሰብን ዝሓሊ ስነ ጥበበኛ፡ ፈለማ ዓቕሙ እዩ ዘዕቢ። ዓቕሙ ድማ ቅድሚኡ ዝፈረዩ ብሉጻት ዕዮታት ስነ ጥቡብ ብምፍላጥ፡ ምድናቕ፡ ምፍታሽ፡ ምብርባር፡ ምርዳእ፡ ምጽንባል እዩ ዝጅምሮ። ዓቕሙ ንምዕባይ፡ ዝተመርጸ ዕዮታት ስነ ጥቡብ የንብብ፡ የጽንዕን ይመራመርን። ካብኡ ብምብጋስ፡ ኣብ ድልዱል ሰረት ቀይሙ፡ ውጽኢታዊ ስራሕ ኣብ ምፍራይ ከድህብ ይኽእል።

ዝኾነ ሞያዊ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝጥፈሉ ዓውዲ መሰረታዊ መረዳእታ ብምሓዝ ክጸዱ ምስ ዝጅምር፡ ዕዮኡ ደረጃ ይህልዎ። ንኣብነት፡ ድራማ ክደርስ ዝደሊ ሰብ፡ ድራማ እንታይ ማለት እዩ፧ መኣስን ብኸመይን ጀሚሩ፧ ዝሓለፎም ወሰንቲ መድረኻት ኣየኖት እዮም፧ ብዓለምን ሃገርን ደረጃ ዝበለጹ ድራማታት ኣየኖት እዮም፧ ስለምንታይ፧ እንታይ ስለ ዘማለኣ እዮን ብክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝበለጻ ተባሂለን፧ ከምኣተን ክፍሪ እንታይ የድልየኒ፧ ዝኣመሰሉ ሕቶታት ክምልስ ክኽእል ኣሎዎ።

"ትርጉም እንታይ እዩ፧ ስነ ምግባር ትርጉምከ፧" ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ብደቂቕ ክምልስ ዘይክእል ዕዉት ተርጓሚ መቸም ክህሉ ኣይክእልን። ሓደ ክትርጉም ዝደሊ ሰብ፡ ብዛዕባ ትርጉም ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታ ምእንቲ ክረክብ መስርሓትን ኣገባባትን ትርጉም ዝገልጽ ስነ ፍልጠት ትርጉም ክፈልጥ ኣሎዎ። ትርጉም እንታይ እዩ፧ መኣስን ኣበይን ጀሚሩ፧ እንታይን ስለምንታይን ንትርጉም፧ ምርዓም ኣብ ትርጉም ኣድላዩነቱ እንታይ እዩ፧ ምምራጽ ዓይነት ዝትርጎም መጽሓፍን ብኸመይን ስለምንታይን፧ ተባሂሉ ተሓቲቱ ወልደፍደፍ ዝብል ሰብ ተርጓሚ'ዩ ክትብሎ ኣይትኽእልን።

ንምጥቕላል፡ ዝኾነ ዓውዲ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ዝበጽሕ ቡቶም 80 ሚእታዊት ብሓፈሻ ዝጥፍኡ ዘይኮኑ፡ ቡቶም 20 ሚእታዊት ዘውፈዩሉ እዮም። ምውፋይ ማለት ድማ ንሓደ ነገር ዝግባእ ግዜ ምሃብን ካብ ሱሩ ጀሚርካ ኣመዓብብላኡ፡ ዝሓለፎም ቀንዲ መድረኻት፡ ዓወታቱን ውድቀታቱን፡ ብልጫታቱን ድኽመታቱን ምፍላጥን ምግንዛብን ማለት'ዩ። ጽቡቕ ጌርካ ንዘይመለኽካዮን ንዘይፈለጥካዮን ነገር ክትዕወተሉ ኣይከኣልን።

ብዘቐለለ ንምቕራብ፡ ንፋዕ ወይ ዕዉት ዝበሃል ሓረስታይ እቲ ክረምቲ መጸ ኣብዑር ጸሚዱ ዝሓርስ ኣይኮነን። እዚ ሓደ ንጥፈት ካብቲ ነዊሕ መስርሕ ማሕረስን ምኽዕባት እቶትን'ዩ። ኣብ ተመሳሳሊ ስፍሓትን ዓይነትን መሬት፡ ኩነታት ዝናብ . . . ሓደ ካብቲ ሓደ ዝሓሸ እቶት ክረክብ ይርእ'ዩ። እዚ መርገምን ምርቓን ዝፈጠሮ ዘይኮነስ፡ ናይቶም ክልተ ሓረስቶት ጻዕርን ንቕሓትን ዝፈጥሮ ፍልልይ ደኣ'ምበር። ከምቲ መሬት ዝሃብኪያ እትህበካ ወይ ዝዘራእካዮ እትዓጽድ፡ ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ፍልጠት ነባሪ ስራሕ ብጻዕሪ፡ ብስራሕ፡ ትምህርትን ድስፕሊንን እዩ ዝጥረ። ዓውድታት ስነ ጥቡብ ብሓፈሻ ድማ ልዑል ቅድመ ፍርያት ዘሎ ጻዕሪ ይሓቱ። ኣልበርት ኣንስታይን፡ "ንወዲ ሽዱሽተ ዓመት ቈልዓ ኩተረድኦ እንተ ዘይክኢልካ፡ ንባዕልኻ ኑቲ ነገር ኣይተረዳእካዮን ኣለኻ!" ዝብል ኣለባሚ ምኽሪ ገዲፉ'ዩ። ገጣሚ እንተ ኴንካ ብዛዕባ ግጥሚ፡ ደራፊ እንተ ደኣ ኴንካ ብዛዕባ ደርፊ፡ ተዋሳኢ እንተ ኴንካ ብዛዕባ ተዋስኦ፡ . . . ሰፊሕ መረዳእታ ክህልወካ ቡቲ ሞያ ትግደድ ኢኻ። ነዚ ዘይትፍጽም እንተ ደኣ ኴንካ ሞያዊ ኣይኮንካን'ሞ ካብ ሕጂ ብቑዕ ሞያዊ ንምኧን ጀምር። ስነ ጥቡብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ክፍሊ እትመሃሮ ባዕላዊ ነፍሰ ምምዕባል - ዘየባትኽ ልምምድ፡ ምሉእ ኣድህቦን ግዜን ምሃብ፡ ሞያዊ ድስፕሊን፡ ዘየባትኽ ንቕሓ . . . - ይሓትት። እቲ ኣብ ውጽኢት ስነ ጥቡብ ዝርአ ፍልልይ ድማ ካብዚ እዩ ዝብገስ።

ከይተመሃርካ ደራፊ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ እንተ ደኣ ትምህርትን ንቕሓን ወሲኽካሉ ግን ብቑዕ ትኸውን። ከይተመሃርካ ስነ ጥበበኛ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ እንተ ደኣ ተማሂርካን ብስሩዕ ኣንቢብካን ግን ብቑዓ ስነ ጥበበኛ ትኸውን። ስለዚ፡ መሰረት ናይቲ ምኳን ቅድሚ ስነ ጥበበኛ ምኳንካ ዓቕምኻ ምዕባይን ምህናጽን ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ኢድና ዘሎ'ዩ፣ ንኽእሎ ይግበረና።





◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇

## ዶግዓ ገጣሚ

ግጥሚ ይደጉዑ
ቅብኣ ይኑበው
ብረቂቕ ሓይሊ
ወጺኦም ካብ ልቢ
ናፊቐም ኣንባቢ፣
ውረስ ወራሲ
ኣብ ታሪኽ ሓንባሲ
ታሪኽ ንቦ
ኣብ ልቢ ዓቅቦ
ብጽሑፍ ሰንዶ።

ግጥሚ ይገጠም
ቅብኣ ይቀባእ
ስክፍታ ይተርባዕ
ውዕሎ ጀጋኑና
ይጽሓፍ ይወረቕ
ብወርቃዊ ቀለም
ብርሃና ትሰስን
ሃዋ ንቀዲደም!

የናስ መንግስትኣብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ለተብርሃን ኣርኣያ ስለሙን፡ ኣደይ ግደይ ሓጎስ ሃብቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሄርሜላ ኣፍላይ ማስፍን ምባል ተሪፉ፡ ሄርሜላ ኣፍላይ ማስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብርኽቲ ወልደኣብ፡ ብዓል ቤተይ ገብረዮውሃንስ ኣብርሃም ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቒና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣሚና ኣወልከር ኢብራሂም ምባል ተሪፉኣሚራ ኣወልከር ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

የናታን ብርሃን ዳዊት ምባል ተሪፉ፡ የናታን ብርሃ ዳዊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ናዝሬት ተወልደ ርእሶም፡ ተኸሳሲ ሄኖክ ገብረመድህን ገብረገርግሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ሄርሞን ብርሃ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ የሩሳሌም ፍስሃየ ሃይሉ ምባል ተሪፉ የሩሳሌም ሰገን ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ርብል ኣብርሃ ገብረሂወት፡ ኣቦይ ኣበበ ተስፋገርጊሽ ስለዝዓረፈት፡ 5 ኣሕዋታ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ቀላቲ ገብረታትዮስ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ኢልያስ ስበሃቱ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳባ ተስፋጋብር ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ሳባ በርሀ ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ጉብሩ መብራህቱ ዑቕባጽዮን፡ ኣዴና ሃዳ ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣብርሃዬን እምባየ ወልደጊበርኤል፡ ሓብተይ ኣብርሀት እምባየ ወልደጊበርኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የሩሳሌም ሃይለማርያም ተመልሶ፡ ኣቦና ሃይለማርያም ተመልሶ ኣድሓኖምን ኣዴና ብሪ ኣለም ማስፍንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳባ ተወልደ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ሚከኤል ሃይለ ገብረሂወት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብርኽቲ በራኺ ትርፌ፡ ብዓል ቤተይ ወረደ ኣስመሮም ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣምለሰት ወልደጽዮን ምሕረትኣብ፡ ብዓል ቤተይ ነጋሽ ሃብታይ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰሚር ማሕሙድ ዑመር፡ ስም ኣደይ ፋጥና መሓመድሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ በርሀ ሰሌማን ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ በርሀ ሰለሞን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መድሃኔ እያብ ሓጎስ፡ ኣዴና መኣዛ ሃይለ ካሕሳይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይን 1ተተኻኢን ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ርዚና ሰዩም ተስፋልደት፡ ኣቦይ ሰዩም ተስፋልደት ትኩእ ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣዞማት መሓሪ ገብረሂወት፡ ተጸዋዒ ሚከኤል ውሂቡ፡ ናይ ምዝዝትትት ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ኣቶ ሃብተማርያም ገብረመስቀል ዘርኣ፡ ብዓልተይ ቤተይ ጸሃይሽ ኣብርሃ ገብረዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተሚካኤል ክፍለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ሃይለ መንግስቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የማነ ኪዳነ ተስፋይ፡ ኣቦይ ኪዳነ ተስፋይ ኣብድ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ደረጋጺለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ገብረኣብ፡ ኣቦይ ኪዳነ ገብረኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ማህሌት ኣውዓሎም ገብረያሱስ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መብራህቱ ዘርኢት ገብረዝጊ፡ ኣደይ ኣምለሰት ኪዳነ ሓደራ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ሃይለ ገብረልኡል፡ ወደይ ኒምሮድ ሙልጌታ ተስፋይ ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ ብዓል ቤተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳሊሓ ሑሴን ኢብራሂም፡ ብዓል ቤተይ ዓብዱሰላም ሰርጅ ማሕሙድ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺልም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሚንኣብ ሚካኤል ደባስ ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም ሚካኤል ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰምሃር ሃብቶም ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ሰምሃር ሃብተጋብር ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣዶናይ ሓድጉምበስ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋኣለም ሓድጉምበስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ት ጺጋልኣብ ሰመረ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ሊድያ ሰመረ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘርኣይ ተስፋዝጊ፡ ስም ኣደይ ለተብርሃን በየነ ኣባይ ምባል ተሪፉ፡ ለተብርሃን ሃይለማርያም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራሄል በለጡ፡ ኣቦይ በለጠ ገብረእግዚኣብሄር መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኻነይ ደረጋጺለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ህድኣት ገብረያሱስ ወልደኪዳን፡ ኣዴና ኣብርሀት ክንፉ ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይን 2 መወትቲ ተተካእቲ 12 ደቆምን ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣሕፈሮም፡ ኣደይ ኣልጋሽ ኣደስ መብራህቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣሕፈሮም፡ ኣቦይ ኣሕፈሮም መንግስቱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ተኽሉ ዞሚካኤል ደበሳይ፡ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ናይ ወላዲትና ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ ሃብተሚካኤል ገብረስላሴ፡ ተኸሳሲት ደርግኣለም መሸሾ መንገሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ፋጡማ ኖራ ሮሞዳን፡ ብዓል ቤተይ ጃምዕ ኣሕመድ ዑስማን ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣልማርሑማ ጆሞዓ ዓብደላ ዑመር ስለዝዓረፈት፡ ኣሕመድ ዓብደላ ዑመር ጥራይ ወረሰኦ ምኻነይ ደረጋጺለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምንት ተስፋይ ዝግታ፡ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ገብረስላሴ ኪዳነ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡




### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ዋሓዞ ግርማጼን ስብሃቱ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ንጉሩ መንግስቱ፡ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ካሌብ ፍራይ ተስፋሚካኤል ምግባል ተሪፉ፡ ያፌት ፍረ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ጠዓመ ገብረመስቀል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳኒኤል በየነ ኣስመላሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ሓሊማ ዓሊ መሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ ሓሊማ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መብሩኽ ዓሊመሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ መብሩኽ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብዱ ዓሊመሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ ዓብዱ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኑረዲን ዓሊመሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ ኑረዲን መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ለምለም ተወልደ ብስራት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክብሮም ዘውደ ካሕሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ወ/ሮ ሕርይቲ ገብረሃዋርያት ጻዕዱ ተኸሳሲ ሽመንዲ በርሀ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ትብለጽ ገብረኣብ ሓይልኣብ ምግባል ተሪፉ፡ ስምረት ገብረኣብ ሓይልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምስጉን ቃልኣብ ገብረመስቀል ምግባል ተሪፉ፡ ምሲጋና ቃልኣብ ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ትኳቦ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃለ እምባዬ ክፍለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወጋሕታ ካሕሳይ ሽመንዲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ታደሰ ገብረየውሃንስ፡ ብዓልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ግደይ ጠዓመ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ም/ኮ ዓብለል ተሰማ ደስታ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰለማዊት ተሰማ ደስታ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ኣረጋዊ ወልዱ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ዘውደ ሙሉጌታ ምግባል ተሪፉ፡ ጺጋ ዘውደ ኢትባረክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ምልእተ ሃይሉ ገብሩ፡ ተኸሳሲ በራኺ ኣብርሃ መንገሻ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ተወን ብላታ ተስፋጼን ተኸሳሲ ዳኒኤል ጺጋይ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ጸገ ገ/ስላሴ ካሕሱ፡ ብዓል ቤተይ ሓጎስ ገብረኪዳን ንገሰ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 2 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣልጋሽ ገብረህይወት ገብረየሱስ ምግባል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ ገብረሃዋርያ ገብረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ሓለፎም ምግባል ተሪፉ፡ ሳሮን ሓለፎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ረዳኤን ኣብርሃ ገ/የሱስ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ እምባዬ ካሳ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 11 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣበባ ዘመንፍስቅድስ ተድላ ምግባል ተሪፉ፡ ኣበባ ቅዱስ ተድላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሚራ ሓምድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ዒሻ መሓመድ ሰሌማን ምግባል ተሪፉ፡ ዓእሻ ማሕሙድ ሰሌማን ተባሂሉ ይታኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ት/ዕ መድሃን ፍቓዱ እምሃጼን ምግባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ፍቓዱ እምሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሪሞን የውሃንስ ገብረመስቀል ምግባል ተሪፉ፡ ሪም የውሃንስ ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና ዑመር ሳልሕ ዕቴል ምግባል ተሪፉ፡ ኣምና ሳልሕ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ገብራይ ዑቕባጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ወልደዝጊ ዑቕባስላሴ ካሕሳይ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኣድያም ተሸመ ተኽለይ ምግባል ተሪፉ፡ ሳሮን ተሸመ ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓምድ ጀምዕ ኣደም ዓሊ ምግባል ተሪፉ፡ ጀምዕ ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑቕባልደት ኣርኣያ የሴፍ፡ ኣዴና ሓዮት በራኺ ኣበበ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍትሓዊት ተኽሉብርሃን ተኽለሚካኤል ምግባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ተወልደብርሃን ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ነጃት ዑመር ሳልሕዓሊ ምግባል ተሪፉ፡ ነጃት ሳልሕ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ኣቶ ኣብርሃም ባህታ ዓንደሚካኤል፡ ሓውተይ ኣመተ ባህታ ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ገብርሂወት ዘርኢጋብር ሃብተ ምግባል ተሪፉ፡ ገብርሂወት ዘርኢጋብር ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መርየም ረሽድ መ/ድ ምግባል ተሪፉ፡ ፋጥና ሓምድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ መሓመድ ሓጅጅ ምግባል ተሪፉ፡ እድሪስ ስሌማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ረቕያ ሰዒድ ህቡኔስ ምግባል ተሪፉ፡ ኣኽላስ ሰዒድ ህቡኔስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሃይማኖት ጊላይ ሙብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለት ተወልደብርሃን ጋይም ስለዝተሰወአ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ናዝራዊት ገብረዝጊ ኣብርሃም፡ ብሞግዚታ ኣቢላ ኣቦይ ገብረዝጊ ኣብርሃም ገብሩ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍቕረይ መድሃኔ ገብረሚካኤል፡ ስም ኣደይ ቀደሰ ዑቕቡ ምግባል ተሪፉ፡ ለተብርሃን ፍረስላስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጀዋሀር ሓዳሽ ምግባል ተሪፉ፡ ደሊና ሓዳሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ጀሚላ በኺት ማንታይ ምግባል ተሪፉ፡ ጀዋሂር በኺት ማንታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 05 ዞን 2 ፕሎት 124 ዚፕ ኮድ 6K-1381፡ፓርሰል POP 124፡ ጎደና 910 ስፍሓት መሬት 400 ት/ሜተር ኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ መደቀሲ ሰለስተ ሽቓቕ ሓደ ክሽ/ሞንን ዘለዎ፡ ካብ ወረስቲ ነ/ሄራት ዓራፋት ሓምድ ሰመራልኣል 1ይቲ ወ/ራት ሓሲና መሓመድኑር ፋይል 2. ዘኪያ ዑስማን ሓምድ ብወከለን ወ/ራት ሓሲና መሓመድኑር ፋይል ዝገዝኡኩዎ ኣብይቲ ኣብ ስመይ ከሲጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኻነይ እሕብር፡፡

ኣቶ የሴፍ ገብረትንሳኤ መሓረዝጊ

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ዋዛ ብዘይ ቊምነገር

## ኣርሰናላዊ፡ ማንቸስተራዊ፡ ቸልሳዊ፡ ... ፍቕሪ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

ኣብዚ እዋን፡ መንእሰያትን ካብ ንእስነት ዝተሰናበቱ ደቂተባዕትዮን (ኣረ እንተላይ ደቀንስትዮ) ቀዳመ ሰንበት መጽኣ ካብ ዘሰላስሉዎ ናይ ምዝንጋዕን ምዝንጋዕን (ክትዘናጋዕን ክትዝንጋዕን እንክለኻ) ንጥፈታት፡ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ዓበይቲ ግጥማት ኤውሮጳ፡ ብኣውራኡ ከዓ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምክትታል እዩ። እቲ ቃል ካብ ምክትታል ሓሊፉ ናብ ቀንዲ ዛዕባ ቀዳመ ሰንበትን መላእ ሰሙንን ተሰጋጊሩ እዩ እንተ ተባህለ፡ ምግናን ዘይኮነስ ይውሕዶ እውን'ዩ። እቲ ኣብ 1992 ዝጀመረን ዓመት መጽኣ ካብ ወርሓት ነሓሰ ክሳዕ ግንቦት ዝካየድን ዝዓበየ ሊግ ናይ ኵዕሶ እግሪ፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽብዒት (ልዕሊ ሓሙሽተ ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም) ብዝተፈላለየ መሳኸቲ ይዕዘቦ። ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ ካብ 1980 ንድሓር፡ ባይታ ክዘብጥ ምስ ጀመረ፡ ስታድዮማት እታ ሃገር ሰፈር ኣዕዋፍ ክኸውን ተራእየ። ንመሳለጥያታት ስታድዮማት ድሃዩ ዝገብር ተሳእነ። ሃገረ እንግሊዝ ደገፍቲ ብዝፈጥሩዎ ዕግርግርን ዕንወትን ክትልለ ጀመረት። ነዚ ስዒቡ ክለባት ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ፡ ንሓሙሽተ ዓመት ካብ ኤውሮጳዊ ውድድራት ተኣገዳ። ዘይከም ሎሚ፡ ተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ ንምድረ እንግሊዝ ረጥሪጦም ናብ ካልኦት ሊጋት ክዕዘሩ ጀመሩ። ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ብተራኣይነቱ ኣታዊታቱን ድሕሪ ሊጋት ኢጣልያን ስጳኛን ኣንደልሃጸ። እዚ ሕጂ ቀልቢ መላእ ዓለም ገዚኡ ዘሎ ሊግ፡ እንተ ጠረጠ እውን ዝስሕቀሉ ተሳእነ። ነዚ ዝተዓዘበት እንግሊዝ፡ ንወጻኢታታ ከም እትመልሶ ግዲ ነብሳ ነጊሩዋ ንዋንጫ ዓለም 1990 ብዝግባእ ተዳልያ ናብ ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ በጽሐት። ህዝቢ እንግሊዝ ፈትዩን ብኣፍንጫኡን ንትሕተ ቅርጺ ኵዕሶ እግሪ ዝኸውን ገንዘብ ተሓልበ። ከምዚ ኢሉ እቲ ባይታ ዘቢጡ ዝነበረ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ሰብ መንእሰያት ድማ ብቐንዱ ምድሪ ዘቢጦም ናብ ዝርእዩዎ ደረጃ በጺሑ ይርከብ።

መንእሰያትና ንግጥማት ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝን ካልኦት ሊጋትን ክርእዩ እንከለዉ፡ ምስ ብዙሕ ማሕበራዊ ህይወቶም ከተሓሕዙዎ ጀሚሮም ኣለዉ። ገለ ገለ መንእሰያት ነቲ ኣብ መገዲ ፍቕሪ ዝሓልፉዎ ውረድ ደይብ፡ በቲ ዓበይቲ ክለባት ዋንጫ ንምዕታር ዝኸዳኦ መገዲ ይገልጹዎ ኣለዉ።



### ማንቸስተራዊ ፍቕሪ

ክለባት ማንቸስተር ቀይሕን ሰማያውን ሕብሪ ዘውንና ዩናትድን ሲቲን እየን። መንእሰያት ድማ ነቲ ኣፍቃሪት ወይ መጻምድቲ ንምርካብ ዝግበር ዘይዕዉት ጉዕዞ ገለ ገለ መንእሰያት ብማንቸስተር ዩናይትድ ይምስሉዎ ኣለዉ። ዩናይትድ ኣብዚ ዝሓለፈ ሓያለ ዓመታት ንሜዳን ልቢ ደገፍትን ዝስዕር ሓያል ኣሰልጣኒ ኣይረኸበትን። ካብቲ ድሕሪ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ክዕልማ ዝጀመረ ደቪድ ሞየስ ክሳዕ እዚ ሕጂ ኣብታ ጋንታ ዘሎ ምልኩዕ ኣሰልጣኒ ሩበን ኣሞሪም፡ ዝቖጸረቶምን ሚልዮናት ሂባ ዘሰናበተቶምን፣ ይትረፍ ኣነ፡ ክኢላታት እቲ ዓውዲ እውን ቁጺሮም ኣይውድኡዎምን። ነዝን ንኻልእ ዝተረፈ ኣጋውሎ እታ ጋንታን ኣብ ግምት ኣእትዮም ድማ ተዛረብቲ መንእሰያት "ናይዚ ፍቕሪ ድማ ዩናይትዳዊ ፍቕሪ" ክብሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ሓደ መንእሰይ ኣብ ምልላይን ክስዕብ ዝኽእል ፍቕርን ምስ ብዙሓት ደቀንስትዮ ምስ ዝርኣን ዘይዕዉት ግዜ ምስ ዘሕለፍን ኣካይዳኡ ብዩናይትድ ይምሰል። ከምቲ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ብዙሓት ኣሰልጠንቲ ዝተቖጽሩን ዝተባረሩን፡ እቶም ምስ ዝተፈላለያ ደቀንስትዮ ዝተፈላለየ ዝምድናታት ዝጅምሩን ዝፍንጥሑን መንእሰያት፡ ኣብ ፍቕራዊ ጉዕዞኦም ዩናይትዳውያን ይብሃሉ። ከምቲ ዩናይትድ ንጽቡቕ ጸወታን ዋንጫን እናደለየቶ እንከላ ክሳዕ እዚ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ግዜ ክትበጽሖ ዘይከኣለት፡ እቶም ንፍቕርን ሓዳርን እትኾኖም መጻምድቲ ኣብ ምርካብ ዘይተዓወቱ መንእሰያት፡ በዚ ኣርእስቲ ይለዓሉ። እቲ ኣብቲ ዘይዕዉት



ግዜ ኣብ ካፊታት፡ ኣብያተ ፒሳ፡ ለይታዊ ሕድሮታት፡ ወጻኢታት ታክሲ፡ ወዘተ ዘጥፍኡዎ ገንዘብ፡ በቲ ዩናይትድ ንዝስጐጐ ኣሰልጠንትን ዘየዐውቱዋ ተጻወትትን እትኸፍሎ ገንዘብ ይምሰል።

በቲ ሓደ ወገን ድማ ብማንቸስተር ሲቲ ዝግለጽ ፍቕሪ ኣሎ። ብቛንቋ መንእሰያት፡ ሲቲ ዳህራን ወይ ዒንዳ ክለብ እያ። እቶም ንሓይሊ ገንዘቦም፡ ማይ እትመስል መኪናኦም፡ ዘየቋርጽ ህያቦም፡ ተለቢሱ ዘይድገም ክዳውንቶም፡ ካብ ወርቂ ክሳብ ኣልማዝ ዝዝርጋሕ ስልማቶም፡ ሰፊሕ መንበሪ ገዛኦም፡ ወዘተ ተጠቒሞም ፍቕሪ ዝሰልጦም መንእሰያት ድማ ሲታውያን ይብሃሉ። እዚ በቲ እታ ጋንታ ሓይሊ ገንዘብ ተጠቒማ ንዝደለየቶ ተጻዋታይ እና'ምጸአት ዋናጩ ዝዓተረትሉ ግዜ ይምሰል። "ገንዘብ እንተ'ሎ ምሕዝነትን ፍቕርን ብቐሊሉ ኣሎ" ዶ ንበሎ። ዋላ'ኳ ነዚ ሓሳብ ዝቃወሙን ዝቃወማን ብዙሓት እንተኾኑን እንተኾናን፡ ኣብ ንጹፍን ጽፉፍን ክኣትዋ ዝደልያ ደቀንስትዮ ውሑዳት ምስ ዘይምኳነን፡ ንፍቕርን ጥጡሕ ናብራን ብሓንቲ ወንጭፍ ከካውና ዝደልያ ደቀንስትዮ ናብ'ቶም ብጓርድዮላ ዝምርሑ ደለይቲ ኣዋልድ እንተ ፈረማ እንታይ ጸገም ኣሎዎ። ሰብ ከኣ ቃልዓለም እናተዛረበ እምበር፡ ጽቡቕ መን ይጸልእ።

### ኣርሰናላዊ ፍቕሪ

ፕሪመር ሊግ እንክለዓል፡ ነገረ ኣርሰናል ምልዓል ኣይተርፍን። ኣርሰናል ዋንጫ ካብ ዘይትወስድን፡ ዋንጫ ወሰደት እናተባህለት ከም ኵላሶ ካብ ኣፋ ዝተሓድገቶን ኣጋጣሚታት ብዙሕ እዩ። እቶም ኣብ ጉዳይ ፍቕሪ ዘይዕዉታትን፡ "ኣፍቃሪተይ እያ፡ ናተይ እያ፡" እናበሉ እንከለዉ ብኻልኦት ደቂተባዕትዮ ዝምንጠሉን ደቂተባዕትዮ ድማ ፍቕሮም፡ ኣርሰናላዊ ፍቕሪ እናተባህለ ይግለጽ። እዞም ከምዚ ዝበሉ መንእሰያት ከም ደለልቲ እውን ይውሰዱ እዮም። ኣብ ሓደ ጉጅለ፡ ጆምዓ፡ ደቂ ገዛውቲ፡ መሳርሕቲ፡ ወዘተ ንደቀንስትዮ ብዝተፈላለየ መገዲ ናብቲ ምትእኽኻብ ከም ዝሓብራ ይገብሩ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ንወየን ባዕሎም ዘምጽኡወን ጽቡቓት ናብ ገለኦም ቀሊባታት ወይ ኣጥቃዕቲ የረክቡወን። ከምቲ ኣርሰናል ብዙሕ ግዜ ወሲዳቶ ንዝተባህለት፡ ንዋንጫ ንገለኣን ጋንታታት እተረክበን ድማ'ዩ ዝውሰድ። እዚ ጽሑፍ እውን ከምዚ ብዝመስለ ዕላል እዩ ነቒሉ። ሓደ መንእሰይ ምስ ሓንቲ ጓል ገዛውቱ ኣብ ፍቕሪ ንነዊሕ ግዜ ጸንሐ'ሞ፡ ነቲ ዝነበረ ፍቕሪ ናብ መርዓን ደርዓን ከሰጋግሮ ኢሉ ንኣዕሩኽቱ ነገሮም። ድሕሪ ኣዕሩኽቱ እውን ናብ ሰድራኡ ሰገረ። እንተኾነ፡ ድሕሪ ግዜ ዓርኮም ናይ ምምንጣል ዜና ሒዙ መጽአ። እታ ናይ ዘልኣለመይ ክትከውን'ያ ዝብላ ዝነበረ ጓለንስተይቲ፡ ድሮ ምስ ካልእ ወዲኣስ መርዓ ተቖጺሩ። እቲ ወዲ ድማ ማይ ዓሚኹ ተሪፉ። እቲ ዝኸፍአ ክፋል ናይቲ ዛንታ ከኣ እቲ ነቲ ወዲ ዝወሃብ ዘሎ ቅጽላት እዩ። ዝሓዘ ጓል እንተ ሓዘ፡ የእምን'ዩ ዝበሎ ሓሳብ እንተ ኣምጽአ፡ "ኣካዳሚ" ዝብል ሳጓ ይወሃቦ። "ደቀንስትዮ ኣምጺእካ ወይ ኣጽኒሕካ ንኻልኦት ካብ ምሃብ ኣይትሓልፍን ኢኻ፡" ንምባል። እዚ ዓመት ኣርሰናል ነዚ ዛንታ ክትቅይሮ ዝደለየት ትመስል። እቶም ጽቡቓት ዝምንጠሉ ደቂተባዕትዮ እውን ከም ኣርሰናል ለውጢ ትረኽቡ ይግበርኩም። "ኣሜን" ዲኹም ዝበልኩም፣ ምርቓ'ኳ ኣይሓልፈኩምን።

### ቸልሳዊ ፍቕሪ

ቸልሳዊ ዝብሃል ፍቕሪ እውን ኣሎ። ብፍላይ ምስዚ ቸልሲ ኣብዚ እዋን እትኽተሎ ዘላ ስትራተጂ ዝተሓሓዝ ቅጽላት ፍቕሪ ኣመና ይበዝሕ ኣሎ። ቸልሲ ዕቑር ዓቕሚ ወይ ክእለት ኣብ ዘሎዎም ቈልዑን መንእሰያትን እያ ልዑል ግዳሰን ወፍርን እትገብር ዘላ። ንላግጺ ድኣሉ ዝኸውን እምበር፡ ንሓደ ናብ ሜዳ ኣትዩ ምስ ኵዕሶ ጽቡቕ ምንቅስቓስ ንዝገበረ ከልቢ እውን ቸልሲ ክትገዝኦ እያ እናተባህለ ክስሓቐሉ ቀንዩ ነይሩ እዩ። ኣብ ፍቕርን ምድላይ መጻምድትን ናብ ብዕድመ ንኣሸቱ ደቀንስትዮ ገጾም ዘወር ዝብሉ ድማ'ዮም ብቸልሳዊ ፍቕሪ ዝግለጹ ዘለዉ። ዋላ'ኳ ዝድገፍ ሓሳብ እንተ ዘይኮነ፡ ገለ ገለ ደቂተባዕትዮ ብብዙሕ መምዘኒታት ናብ ዝኣኸላ ደቀንስትዮ ራዳሮም ክዝርግሑ ኣይደልዩን። ሰሪሐን ዝኣትዋ፡ ሓሳብ ዘውርዳ ዘደይባ፡ ማየን ዝሰተያ፡ ሞያውያን፡ ምሁራት፡ ወዘተ ደቀንስትዮ ክላለዩ ኣይደልዩን። ኣይትርብሖ ኢሉዎም ዲኹም ዝበልኩም፣ ኣነ'ውን ዘይበልኩዶ! ብዝኾነ እዞም ኣብ ቸልሳዊ ፍቕሪ ዘወር ዝብሉ መንእሰያት ምስ በኾሪ ጓሎም ወይ ንእሽቶ ሓውቶም ንፋስ ዝወስዱ ስለ ዝመስሉ፡ ብዙሕ ሳዕ ኣብ ዓይኒ ሰብ ኣይኣትዉን እዮም። ምስ ተመሃሮ "ሃይስኩል" ስለ ዝርኣዩ እውን፡ ናይ ገዛውቲ መማህራን እናተባህሉ ይግለጹ እዮም።

### ሊቨርፑላዊ ፍቕሪ

ዋላ'ኳ ምስ ናይ ቀደም ዝናኣን ዓወታታን ዘይዛመድ ይኹን፡ ሊቨርፑላዊ ዝበሃል ፍቕሪ እውን ተቐላቒሉ ኣሎ። ገለ ገለ ደቂተባዕትዮ፡ ሰብ ኣብ ዘይተጸበዮም ፍቕራዊ ቅርርብ ይጅምሩ እሞ፡ እቲ ዝምድና ድማ ቀልጢፉ ናብ ሕጻን ድሕሪ ሕጻን ይበጽሕ። ከምቲ ኣርነ ስሎት ምጽእ ኢሉ ንሊቨርፑል ዘይትጽቢታዊ ዋንጫ ዘዕተራ ድማ'ዩ ዝሕሰብ። እዞም ብሊቨርፑላዊ ፍቕሪ ዝምሰሉ ዝምድናታት ድማ ብፍቕሪ ፍቕሪ ክጅመሩን ተፈላልዮም ብዝብል ሕሜታ ክስነዩን ብዙሕ ግዜ ዘይወስዱ እዮም።

### ማድሪዲስታዊ ፍቕሪ

ብማድሪዲስታ ዝግለጹ ደቂተባዕትዮ እውን ኣለዉ። እዞም ከምዚ ዝበለ ፍቕሪ ዝተዓደሉ መንእሰያት፡ ብደቀንስትዮ ንምሕዝነትን ፍቕርን ዝህደኑ እዮም። ንፍቕሪ ክሓቱን መዓረይ ሽኮረይ ክብሉን ዘጥፍኡዎ ግዜ የብሎምን። ዓርኪ ወይ ብዓልቲ እንዳ ትሃሉዎም ኣይትሃሉዎም ብዘየገድስ፡ ወትሩ ንፍቕሪ ምስ ተሓተቱ እዮም። ሓንቲ ንሌላ ክትሓቶም እንከላ፡ ካልእ ድማ ድራር ክጋብዘካ ትብሎም። ሓንቲ ብማኪናኣ ይኹን ብታክሲ ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም ከተብጽሖም እንከላ፡ ካልእ ድማ "ካብ ገዛ ይወጽእ ኣለኹ'ሞ ኣበይ ክጸንሓካ?" ትብሎም። ሓንቲ ናይ ቱርኪ ባድላ ክትከድኖም እንከላ፡ ካልእ ድማ ካብ ኤውሮጳ ዝመጽአ ቀዝሒ ዘይዓስሎ ቱታ ተምጽኣሎም። እዚኦም ሰዑማት እግሪ እዮም። "ኣብ ንጹፍን ጽፉፍን የንብርካ" ተባሂሎም ዝተመረቑ፡ ብሕቶ ፍቕርን ምሕዝነትን መስመሮም ቢዚ ዝኾኑ መንእሰያት።

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣገደስቲ ልምድታት ንምምዕባል

ኣብ ህይወት ለውጢ ንምምጻእ ንዕበየት ደረኽቲ ዝኾኑ ኣገደስቲ ልምድታት ምምዕባል ወሳኒ እዩ።

ብኣንጻሩ ነቶም ከይተረደኣካ ንዕበየትካ ዝደርቱ፣ ሕማቕ ህይወት ከም እተሕልፍ ዝገብሩ ልምድታት'ውን ክተወግዶም ይግባእ።



ስለዚ ቀለልቲ ዝመስሉ ልምድታት ብኣጋ ኣስተብሂልካ ክትምሕምም ወሳኒ የድሊ። መብዛሕትኡ ሰብ ነቲ ኣብ ነብሱ ዝሰረጸ ልምዲ ክምሕዎ ከም ዘይክእል ጌሩ እዩ ዝሓስብ።

ኣብ ህይወትካ ናይ ባህሪ ለውጢ ክተምጽእ እንተተበጊስካ ግን ዘይክኣል ነገር የለን። ኣብ ምቅራጽ ወለፊ ኣተኩርካ ክትሰርሕ እንተደሊኻ ሓደስቲ ልምድታት ምምዕባል ብሉጽ መገዲ'ዩ። ሓንጎል እንተ ኣሚኑ ደማ ከልካሊ የብሉን። ንኣብነት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዙሓት ዝደልይዎ ውሑዳት ኣብ ግብሪ ዘውዕልዎ እዩ። ንኣብነት ምንቅስቓስ ኣካላት ክትጀምርን ሕማቕ ልምዲ ክተቋርጽን ትደሊ ኣለኻ ንበል። ኣብቲ ናይ ፈለማ ግዜ ንገለ መዓልታት ንምጅማሩን ምስቲ ሓድሽ ልምዲ ምልምማዱን እቲ ዝኸበደ ክፋል ምዃኑ ርዱእ እዩ። ሓንሳብ ምስ ጀመርካዮ ግን፡ ምቕጻሉ ዝቐለለ ይኸውን።

መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ንዝመጽእ ሓድሽ ለውጢ ሓንጎፉይ ኣሉ ክቕበሎ ኣይክእልን እዩ። እዚ ምኽንያቱ ፈሊጥካ ኣብ ኣእምሮኻ ንምዕባለ ዝሕግዙ ሓደስቲ ሓሳባት ካብ ምስልሳል ዘይምብኳር። ነቲ ሓሳብ ንምትግባር ኣብ እትብገሰሉ እዋን እታ ናይ ፈለማ ስጉምቲ ከቢድ ኮይና'ውን ክትስምዓካ ትኽእል እያ። ዓቢ ለውጢ ክትገብርን ንመላእ ህይወትካ መዓልታዊ ኣብኡ ክትጸንዕን ምሕሳብ ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ ክስመዓካ ይኽእል'ዩ። ከም'ቲ ትሓስቦ ግን ኣይኮነን። እቲ ሓድሽ ልምዲ ግድን እዩ ሱ ስርዓትን ተወፋይነትን ክሓትት። ክኢላታት ሱኣእምሮ፡ ሓደ ሓድሽ ልምዲ ክተማዕብል እተን ናይ ፈለማ 30 መዓልታት ኣዝየን ወሰንቲ ምኻነን ይገልጹ። ብድሕሪኡ ባዕል'ኻውን ገለ እወታዊ ነገር ክትስተብሀል ኢኻ። ዝቐጽል እቲ ናይ ምዕቃብ ጉዳይ እዩ ዝኸውን። እዚ ደማ እቲ ዝቐለለ ክፋል ምዃኑ ክኢላታት ይገልጹ። ድሕሪ'ቲ ናይ 30 መዓልታት ልምምድ ነቲ ናይ ቀደም ኣሉታዊ ልምዲ ክትሰብሮ'ውን ርእሰ ተኣማንነት ትረክብ። ኣብ'ቲ ዝገበርካዮ ግብራዊ ለውጢ ተመክሮ ክልወካ'ዩ። እዚ ደማ ብግቡእ ዝተሰረ ናይ ነዊሕ ግዜ ውሳኔታት ክትወስድ ኣብ ዝሓሸ ቦታ'ዩ ዘቐምጠካ። ስለዚ፡ መወዳእታ ናይ'ቲ 30 መዓልታት ፈተነ ምስ ወዳእካ ነቲ ልምዲ ነባሪ ናይ ምግባር ዓቕምኻ ይውስኽ ማለት እዩ። ካልእ ረብሓ ናይ'ዚ ተመኩሮ ደማ ሓደስቲ ንምዕባለኻ ዝሕግዙ ልምድታት ንምፍታን ብትብዓት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እንተወሓደ መዓልታዊ ን15 ደቓይቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር ፈትን። 'ግዜን ከልቢን ከይጸዋዕካዮም ይመጽኡ' ከም ዝበሃል፡ ሓደ ኣልካ ምስ ጀመርካ መዓልታት ጀሚሩ ሰሙናት ክሓልፍ እዩ። ካብኡ ንደሓር ከም ልምዲ ስለትሕዞ፡ ምቕጻሉ ዝቐለለ እዩ ዝኸውን። ንሰኻ'ውን ጭቡጥ ወጽኢት ክትረኽበሉ ትጅምር። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ጸልዋ ብዙሕ እዩ። ዝያዳ ተዓጻጻፍን ድልዱልን ኣካላት ክህልወካ የኽእል፡ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ'ውን ይሕይል። ጅማውቲ ግቡእ ስራሕ ክዑብሩን ብቐልጢፍ ከይደኽሙን ይሕግዞ። መሳጢ ቅርጺ ሰውነት ይህልወካ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ኣካላትካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣእምሮኻውን ምንቅቓሕ ስለዝፈጥር፡ ንምዕባለ ዝድርኹ ልምድታት ኣብ ምስራጽ ሓጋዚ እዩ።

## ወጽኢታዊ ምብህሃል

ምስ ሰባት ብሸመይ ከምእትዋሳእ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንወጽኢታዊ ምብህሃል፡ ምሉእ ሓሳባት ምቕራብ፡ ወይ ምሉእ ዝኾነ ዛዕባ ኣልዒልካ ክትዘራረብ ምኽኣል ኣድላዪ ጥበብ እዩ። ዝኾነ ዝቐርብ ሓሳብ ምሉእ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ዝሰምዕ ዘሎ ሰብ "ይርድኦ ኣሎ" ኢልካ ኣብ ትግምተሉ እዋን ክትጋገ ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ይኹን ምብህሃል ወጽኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ ምሉእ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። እኳ ደኣ እንተተኻኢሉ ዝያዳ ሓበሬታ ክትህብ ከለኻ ተመራጺ'ዩ። ግምት እንተዘይሃለወ'ዩ ዝሓይሽ። እቲ ዝሰምዓካ ዘሎ ሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ንስኻ እትሓስቦ ዘለኻ ዝኾነ ኣፍልጦ የብሉን ኢልካ ብምግማት ክትዘራረብ ይምረጽ። ምቕርራጽ ሓሳብ ክህሉ የብሉን። ናይቲ ምሳኻ ዘሎ ሰብ ድሕረ-ባይታ ምፍላጥ ደማ ኣድላዪ እዩ። ንኣብነት፡ መብዛሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ ቀጥታዊ ብዝኾነ መገዲ ሓሳባተን ኣይገልጻን እየን። ኣንፈት ምሃብ እየን ዘዘውትራ። ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ብኣንጻሩ ዝተሰመየም ነገራት ዘርዚሮም ክሕብሩ ይኽእሉ። ብዝተኻእለ መጠን ምሉእ ዝኾነ ሓሳባት ከይተቖራረጸ ክቐርብ'ዩ ዘድሊ። ሓደ ዕላል ኣብ እትጀምረሉ እዋን ኣብ ክንዲ ዝቖራረጽ ሓሳባት እተቐርብ፡ ቀጻልነት ብዘለዎ ዝተኣሳሰረ ገርካ ክትዛረብ ከለኻ ዝያዳ'ዩ ንሰማዒ ዝምስጦ።



ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ፡ ዝለዓለ ኣቓልቦ ናይ ደቂ-ሰብ ነዊሑ እንተተባህለ ካብ 30 ደቒቕ ኣይሓልፍን እዩ። ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምብህሃል፡ እተን ቀዳሞት ደቓይቕ ክትከስበለን ኣለኻ። ከም ወጽኢቱ'ዩ ደማ 'ናይ ፈለማ ጦብላሕታ ኣገዳሲ ዝኸውን። ኣብ ዕላልካ ቀጻልነት ናይ ተመሳሳሊ ሓሳባት፡ እንተገርካ እቲ ዕላልካ ሱሓቢ'ዩ ዝኸውን። እዚ ንመልእኽትኻ ዝያዳ ርዱእ ዝገብሮ እዩ። ሓደ-ሓደ እዋን ምስቲ ኣርእስቲ ዘይራኸብ ኣብነት ምምጻእ ከደናግረካ ስለዝኽእል ዘይድሊ ኣብነታት ካብ ምምጻእ ተቖጠብ። ኣብዚ ምስትብሃል ዘድልዮ ነገር ኣሎ። ቀጻልነት ዘለዎ ተመሳሳሊ ሓሳብ ምቕራብ፡ ንሓሳብካ ብኻልእ መገዲ ምድጋም ማለት'ዩ። ሓሳብካ ክትደጋግሞ ከለኻ ናይቲ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ኣርእስቲ ሓቅታት ከምኡ'ውን እቲ ምትእስሳር ክትሕልዎ ኣለካ። እቲ እተቕርቦ ኣብነታት ምስቲ ዕላል ተዛማዲ ክኸውን ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ዕላል ተቐባልነት እናሰኣነ'ዩ ዝኸይድ። መሰረታዊ ሕጊ ናይ ምብህሃል፡ ምድግጋም እዩ። ቀጻልነት ተጠቒምካ ምድጋም ነቲ ሰማዒ ክርዳኦ፡ ክሕዞ፡ ክፈልጦ ከምኡ'ውን ክቕበሎ የኽእሎ'ዩ። እዚ ክብሃል እንከሎ ግን ብዘይስልኪ ኣጉዚብ ክቐርብ ይግባእ። ምሩጻትን ቀለልትን ቃላት ተጠቒምካ ክተቕርቦ ይምረጽ።

## ብሉጽ መጻምድቲ ንምኻን

- ንመጻምድትኻ ደጋጊምካ ከም እተፍቅራ ግለጸላ፡ 'የፍቅረኪ'የ' ክትብል ኣይትሰልኪ። ደጋጊምካ 'ተፍቅርኒ ዲኺ?' ኢልካ ካብ ምሕታት፡ 'የፍቅረኪ'የ' ምባል ምረጽ።
- ቃላትካን ግብርኻን ኣሳንዮም፡ ከም እተፍቅራ ክትዛረብ ጽኒሕካ ተገምጢልካ ከም ተራ ሰብ ኣይትውሰዳ።
- ካብ ስራሕካ ንላዕሊ ኣገዳሲት ምዃና ኣርእያ። ካብ ስራሕ ናብ ቤት ኣብ እትኣትወሉ እዋን ካብ ልቢ ከም ዝናፈቕካያ ኣርእያ። ክተዕልላ ተሃንጢኻ ከም ዝወዓልካ'ውን ሓብራ።
- ካብቲ እትህባ ገንዘብ ንላዕሊ ግዜ ክትህባ ፈትን።
- ብዘኸርሓቶ ነገራት ኣመስግና። ንኣብነት ድራር ምስ ኣድረረትካ 'ጥዑም ድራር ኣድሪርክኒ፡ ደስ ዝበለ ምሸት'ዩ' በላ። ንኹሉ እትገብሮ ነገራት ከም ወሁብ ኣይትውሰዶ።
- ምትብባዕ ኣዘውትር። ነቐፌታ ኣብ ገለ እዋን ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ መጠን ምትብባዕ ግን ዝያዳ ዕቤት ከም ዘፈጥሩ ኣስተውዕል።
- ንጓልኣንስተይቲ'ዩ ዝምልከት ኢልካ ንኹሉ ስራሕ ገዛ ሸለል ኣይትበል።



## ጥቕስታት መዛነዩ

- "ጥሪ ምጅማር ሓድሽ ነገር፡ ሓድሽ ዓመት፡ ሓድሽ ዕላማ፡ ሓድሽ ዝኽሪ እዩ።" - ዘይተፈልጠ
- "ትማሊ ሓሊፉ እዩ፡ ጽባሕ ከኣ መጺኡ፡ ሎሚ ግን ህያብ'ዩ።" - በል ኪን
- "ኣብ ዓሻ ፈታዊ ምኽሪ ካብ ምሕታት፡ ንለባም ጸላኢ ምስማዕ ይሓይሽ።" - ኣቡ ጣሊብ
- "በሊሕ መልሓስ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ጉዳእ ርእሱ ጎረሮ ከይተረፈ እዩ ዝቖርጽ።" - ጃም ስቶንካረሊ
- "ሰብ ዝበሃል፡ ሰብ ኣብ ትሰእኖሉ ሰብ ዝኾነካ'ዩ።" - ዘይተፈልጠ
- "ዋላ ኣብ ቅኑዕ መገዲ ሃለኻ፡ ኣብ ዘለኻዮ ደው እንተ ኢልካ ክትርገጽ ትኽእል ኢኻ።" - ዊል ሮጀስ
- "ነገራት ይቕየሩ፡ ኣዕሩኽ'ውን ይርሕቑኻ፡ ህይወት ግን ትቕጽል።" - ስቲፈን ቹብስኪ
- "ሕልምኻ ናብ ጋህዲ ትቕይረሉ ዝበለጸ መንገዲ ምብርባር እዩ።" - ፓውል ቫለሪይ
- "እቲ ዝሓበቐ ክትሉብሶ እትኽእል ነገር ርእሰ ተኣማንነት እዩ።" - ብሌክ ላይቭሊ

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ስ | ገ | ም | | ቤ | ት | መ | ዘ | ክ | ር | | ዑ |
| እ | | ና | ስ | ት | ሮ | | ማ | ሳ | | ዕ | ረ |
| ሊ | ቅ | ነ | ት | | ፒ | ፓ | | ድ | ል | የ | ት |
| | ል | | ረ | | ካ | ው | ሎ | | ቡ | ት | |
| ዕ | ው | ለ | ት | | ዊ | ን | | ቦ | ጥ | | ህ |
| ል | ላ | ይ | | ክ | | ድ | ራ | ር | | ባ | ላ |
| ዋ | ው | | እ | ል | ፊ | | ሕ | ሳ | ብ | | ወ |
| | | ድ | ስ | ኩ | ል | | ሲ | | ላ | ም | |
| ወ | ስ | | ት | ል | ም | ን | | ስ | ይ | ጣ | ን |
| | ድ | ኳ | ን | | | ዋ | ል | ታ | | ነ | ቕ |
| ድ | ነ | | ፋ | ይ | ቶ | ት | | ሪ | | | ሎ |
| | ት | ኻ | ስ | | ን | | መ | ት | ረ | ብ | |

# ዛዕባ ሎሚ

## ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከኒኖ)
ሚኒስትሪ ቱሪዝም

ታሪኽ ሓንሳእ ኣብ ከምዘሓለፈ ወይ ገፊል መፈሉ ኣሊኻ ወይ ድማ ንግዜ ዝግደፍ ጉዳይካ፡ ኑቲ ምስ ግዜ ዝሸደልካ ጥራይ ኀሊልካ ብምውጻእ፡ ብብዙሕ ኣገባብን መኣዝንን ክጽሓፍ ከምዝኽእል ተመኩሮ ብዙሓት ጸሓፍቲ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ናይዚ ቀሊል ኣብነት፡ እቲ ንታሪኽ ቃልስና ምርኩስ ብምግባር ብኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ብዝዝብዕ ኣገባብ ተደረሱ ብ"ኣጀኹም" በሃልቲ ተተባቢዑ ኑኻዕ ዝሕተም ዘሎ ከም "ሻዕቢያ ኣልማረከኝም" (ሻዕቢያ ኣይማረኸንን- ዚ ዝምልከት'ውን ኣብዚ ዛንታ'ዚ ክበርህ እዩ) "ቅስም የሰበረ እርምጃ" (ፍናን ዝሰበረ ስጉምቲ) ወዘተ. መጻሕፍቲ ምጥቃስ ይከኣል።

እዚ ብስም "ናይ ህላወን ሞትን ውግእ-ፈንቅል" ብዝብል ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ድማ፡ ኑቲ ንታሪኽ ቃልስና ንምዝንባዕ ዝጽሓፍ ዘሎ ህውታትያ ጽሑፋት ግብረ መልሲ ንምሃብ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓቂ ዝሰረተ ታሪኽ ቃልስና ኩሉ በብዓቕሙ ንክጽሕፍ ዝተፈጥረ ባይታን ምትብባዕን ክጥቀመሉ ስለዘለኒ እየ። ብቐንዱ ከኣ ከምቲ "ቅያ ኣንበሳ ዝጽሕፉ ክሳብ ዘይተረኽቡ፡ ታሪኽ ናይቲ 'ብሃዳማዚ ኣገባብ ኣንበሳ ቀቲለ' ዝብል ምስሉይ ሃዳናይ እዩ ክዝንቶን ክጽሓፍን" ዝተባህለ ብምዝካር።

ብመሰረቱ ፍጻመታት ምርኩስ ገይሮም ዝጽሓፉ ጽሑፋት ኣብ ተዛማዲ ሓቂ'ምበር ኣብ ወጹእ ፍጹምነት ዝጽሓፉ ጽሑፋት ንምርኻብ ኮነ ንምድላው ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ኣይኮነንዶ ፍጻመታትን ታሪኽን፡ ፍልስፍና'ውን ሓደ ዝጀመሮ ካልእ ዝቐጽሎን ዝማዕብሎን እምበር ውርጹጽ ፍልስፍና ዘቕረበ ፈላስፋ ንምርካብ ኣጸጋሚ'ዩ።

ልዕሊ ኩሉ ድማ ሕልሚ ፈሪሕካ ካብ ከይደቀስካ ምሕዳር ዝሽፍእ ስለዘየልቦ፡ ካብ "ይጽንሓልይን ከይብሉንን" ርሒቕና፡ ታሪኽናን ቅያታትናን ሎሚ ግድን ክጽሓፍ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ምስ ሸምገሉ "ንምንታይ ታሪኽና ቡቲ እትገልጽዎ ደረጃ ዘይጽሓፍኩሞ" ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበሎም፡ "ኣቡቲ እንኽእሎ ዝነበርና ኣይገበርናዮን፡ ኣቡቲ ክንገብሮ ዝደለናሉ እዋን ድማ ኣይከኣልናዮን" ክብሉ ዝመለሱሉ ስለዘሎ።

እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ኑቲ ኣብ 1990 ስጋለት ቀጣን ሰንጢቕካ ውሽጢ ባጽዕ ሓራ ንምግባር ዝተኻየደ ቀዳማይ ፈተነ ክሰልጥ ብዘይምኽኣሉ፡ ከም ናይ መወዳእታ ፍታሕ፡ መጥቃዕቲ ከቢድ ብረትን ጸላምን ጉልባብ ገይርካ፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ መንከሲ ባይታ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ምስቲ ዳግማይ ብስጋለት ቀጣን ዝተፈተነ ስርሒትን ደብዳብ ከቢድ ብረትን ብምውህሃድ ብናይ ኢድ ብኢድ ውግእ ንናይ ሓዋሩ ፍታሕ ባብ ዘርሓወ፡ ብዓይነቱን ኩነታቱን ካብ ብዙሓት ብርቂ ቅያታት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ዝኾነ ፍጻመ'ዩ ቱኽሪት ገይሩ ክዝንቱ።

ብባሕሪ ይኹን ብስጋለት ቀጣን ሰንጢቑም ነዚ ስራሕ እዚ ዝፈጸሙ ከኣ፡ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70ን ኣባላት ሓይሊ ባሕርን ምስ ኣባላት ከቢድ ብረት ናይ ክፍለ-ሰራዊት 74 እዮም። ስለዚ እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብዚኦም ምርኩስ ገይሩ ክዝንቱ'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ንኣንባቢ ምሉእ ስእሊ ክሀብን ትርጉም ክህልዎን ምእንቲ ናይ ካልኦት ኣሃዱታት ቅያታት'ውን ንምግላጽ ተፈቲኑ ኣሎ።

ብቐንዱ ምስ ቅድሚ ፈንቅል ዝነበሩ ኣዝዮም ጸለውትን ናይ ቀረባ ፍጻመታትን ምትእስሳሮም ኣገዳስነቱ ስለዝተረኣየ፡ ናይ ዘጠዝሓ ተዋጋእቲ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ቅድሚ ባጽዕ ዝነበረ ቀረባ ፍጻመን ውግእ ኣሶሳን (ውሽጢ ኢትዮጵያ) ብጽብብ ዝበለ ኣገባብ ቀሪቡ ኣሎ።




ምኽንያቱ ውግእ ኣሶሳ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ናቱ ዕዙዝ ኣበርክቶ ነይሩዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቶም ኣብ ኣሶሳ ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ሓመዱም ከይነገፉ እዮም ናብ ስርሒት ፈንቅል ተጸሚዶም። እዚ ይኹን'ምበር ካልኦት ኣሃዱታት ኣበርክቶ ኣይነበሮምን ዘስምዕ ከምዘይኮነ ምርዳእ ኣገዳሲ ይመስለኒ።

ኣብዚ ክንጸር ዝግበኦ ጉዳይ እንተሎ፡ ኣብዚ ዛንታ'ዚ ንኩሉ ፍጻመታትን ተሳተፍቱን ብዑር ከም ዓተር፡ ወይ ድማ ከም ስኢ-ኣድጊ ብማዕረ ንምስፋሩ ኣይከኣልን እዩ። ክንዲ ዝኾነ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ፍጻመታትን ፈጸምቱን ወከልቲ ናይቲ ዓቢ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ህዝብን ገይርካ ምውሳዱ ዝምሕር ይመስለኒ።

ነዚ ዝጠቐስኩዎ ንምርዳእ ዘኣክል፡ እታ ንካልኣይ ውግእ ዓለም ምርኩስ ገይራ "Documenting world war II The Eastern front (1939-1945) ብዝብል ኣርእስቲ ብሳይሞን ኣዳምስ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ 45 ገጻት ጥራይ ዝሓዘት ኮይና፡ ኣብ ውሽጢ ኣሳእል ዘለዋ እያ። እቲ ደራሲ "እቶም ነዛ መጽሓፍ ዘንበቡ፡ ኑቲ ኣብ ምብራቓዊ ግንባር ዝነበረ ፍጻመታት ካልኣይ ውግእ ዓለምና ብዝግባእ ክርድኡዎ እዮም" ክብል ኣሰፊሩ ኣሎ። እቶም ኣብቲ ግንባር ዝተሳተፉ ሓይልታት ኩላቶም ድማ፡ ነዛ መጽሓፍ "ብምንኣሳን ንታሪኽና ቡቲ እንጽበዮን እንፈልጦን ኩርናዕ ኣየቕረበትን" ብምባል ዘይኮነ ነቒፎምዋ፡ "ንቐጻልቲ ወለዶታት መወከሲትን መምሃሪትን እትኾውን መጽሓፍ" ብምባል፡ ብጽሑፍ ንደራሲ ኣተባቢዖምዎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ ደራሲ ክሳብ ዕለተ ሞቱ 60 ተመሳሰልቲ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ኣበርኪቱ።

### ምውራድ ካብ ድፋዓት ግዝግዛ

ካብ ሩባ ግዝግዛ ካሳብ ዕጨ ደብራይን ክንዮኡን ተዘርጊሖም ዝርከቡ ዓበይቲ ኀቦታት፡ ገሊኦም ጥር እትብል ተኸሊ ዘይብሎም ጸዋግ ገጽ ዘዞኻኽሩ፡ ገሊኦም ድማ ብኣግራብ ገሪሞም "መዓልኩም" ኢልካዮም "እመስገኖ" ዝምልሱ ይኹኑ ደኣ'ምበር ብብዝሒ ዳርባ ቦምባን ተኹሲን ዝብኢ ከምዝበንሎ ሰለፍ ኣድጊ፡ በጓል-በጓል ዝጠዝሑም እዮም ነይሮም። እዞም ብተኹሲ ዝተናወጹ ቦታታት፡ ኣብ ወርሓት ጥቅምትን ሕዳርን ናይ 1989 ግን፡ ናይ ሓዋሩ ሰላም ዝሰፈኖም ክመስሉ ብህድኣት ተመልኡ። ናይዚ ጉሉሕ መረጋገጺ ድማ፡ እቶም ከም ሰብ ውራይ ኣብ ግዜ ውግእ ጥራይ ዝረኣዩን ዝመላለሱን ዝነበሩ ኣሞራ ሰማይ ጠፊኦም በብዓይነተን ኣዕዋፍ ክዝምብያ ምጅማረን እዩ። ወቕቲ'ውን ናይ ባሕሪ ክራማት ብምንባሩ፡ ካብቲ ዝሓለፈ ሃፊጽ ዝብል ወቕትታት ተገላጊሉ ናብ ተዛማዲ ጠሊ ዝተሰጋገረሉ ህሞት ብምንባሩ፡ ንምንቅስቓስን ምዝናይን ምቹእ ግዜ ነበረ።

"ካብ ብሱል ጥረ" ከምዝበሃል፡ ካልኣይቲ ሓይሊ ናይ በጦሎኒ ክልተ ብርጌድ 71 ዓራዳትሉ ዝነበረት ቦታ ግን፡ ኣብ ደረት ጽርግያ ብምንባሩ ብኽልቲኡ ወገን፡ መጥቃዕቲ ንምብጋስ ዝተቐረበት ገዖት መሰል ኩጀት ብምንባራ፡ ግንባር ምሉእ "ምድሪ ሰላም'ዩ" እናበለ፡ ንሳ ንብይና ክወግሕን ክዓርብን ዳርባ ኣርፒጂን ብሬናትን ሞርታርን ኣብ ዝባና "ሂም" ካብ ምባል ኣየዕረፈትን።

ኣብታ ኩጀት ዓሪዶም ዝነበሩ ኣባላት ናይታ ጋንታን ሓይልን ድማ፡ ለይትን መዓልትን ተኹሲ ምስምዖም ዘይኮነ፡ እንተ-ዘይተተኩሱሎም ጥራይ እዮም ዝሻቐሉ ነይሮም። "ተኹሲ'ውን ምስኡ ትነብር እንተኾይንካ እንተተፈልዩካ ይናፈቐ'ዩ" በለት፡ እታ ደሓር ካብ'ዚ ድፋዕ'ዚ ናብ ተዛማዲ ሰላም ዝነበሮ ድፋዕ ምስ ኣሃዱኣ ዝተቐየረት ተጋዳሊት ኣልማዝ ግደ ዘወልዲ።

ዝበዝሑ ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 70 ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብርጌዳት 71ን 20ን ኣብ ተዛማዲ ሰላም ብምንባሮም፡ ፖለቲካውን ኣካዳምያውን፡ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ማእቶትን፡ ንኩሉ መዓልታዊ ሂወቶም ዝብሕቱ ጉሉሓት ዕማማት ነበሩ።

እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም፡ ንሓደ ኣብ ቀዋሚ ድፋዕ ዝኑበር ሰራዊት ንሞራላውን ሓንጎላውን ኣካላውን መዳዩ ዝሃንጹ፡ ኣብ ግዜ ሰላም ዝዕንበቡ ንጥፈታት ብምዃኖም፡ ካብ ተራ ክሳብ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ኮሚቴታት ወዲቦም ብዕቱብ ዝሰርሑሎም፡ ንናብራ ድፋዕ መቕረትን መለሳን ዝሁብዎ ተበሃግቲ ጉዳያት ነበሩ።

ብፍላይ ብርጌድ 71፡ ንሰለስቲኣን በጦሎኒታት ዘሳተፈ ባህላዊ ውድድር ኣካይዳ ብምንባራ፡ ብመማዩት ኮሚተ ብዝተዋህበ ስነ-ጥበባዊ ሚዛን፡ ቀዳመይቲ በጦሎኒ ዕውትቲ ኮይና ረድዮ ተሸለመት። ኑቲ ብብርጌድ ደረጃ ኣብ ስነ-ጥበብ ዝተመርኮሰ ውዕውዕ ባህላዊ ንጥፈት ዝተኻየደሉ ቦታ ድማ "ግዝግዛዊት ቦለኛ" ዝብል ሲያመ ሃብዎ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ዳርጋ ብምሉኡ ግንባር ክበሃል ብዝከኣል፡ ብወገን ህዝባዊ ግንባር ይኹን ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ናይ ምጽባእ ተግባራት ከም በረድ ዝደስከለሉ፡ ክልቲኡ ተጻራሪ ወገን ንግዚኡ "ኣብ-ዘዘለናዮን ከምዘለናዮን" ዝተበሃሉ ዝመሰለሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ብ11 ሕዳር 1989 ኣባላት ብርጌዳት 71ን 20ን (ክፍለ-ሰራዊት 70) "ድፋዓትኩም ንኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 16ን ካልኦትን ኣረኪብኩም ንብረትኩም ጠርኒፍኩም ውረዱ" ምስ ተባህሉ፡ "ንምንታይ? ናበይ?" ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ኣእምሮኦም እኳ እንተነበሩ፡ ብምስጢር ዝተሓዝ'ምበር ሂህ ኢልካ ስለዘይዝረበሉ፡ ከም ወትሩ ዘዘመስሎም ባዕላዊ ግምታት፡ ማለት ገለ ንማእቶት፡ ገለ "ቦታ ምቕያር፡ ገለ ድማ ንስራሕ (ውግእ) እዩ ዝኾውን" ዝብል ግምታት ሒዞም፡ ዝነበሩሉ ድፋዕ ገዲፎም ንቑልቁል ወረዱ።

ኑቲ "ጉዛውትና" ዝብልዎን ጉልበቶምን ረሃጾምን ኣፍሲሶም ዝሃነጽዎን ድፋዓት ንድሕሪት ቁሊሕ ኢሎም እናጠመቱ፡ ኑቶም ደቂ "ጉዛውትና" ብምባል ዝሰምይዎምን ፍቕርን ሌላን ዝመስረቱሉን፡ ብዮማን ጸጋም ዝኣሰሩን ናይ ክፍላተ ሰራዊት 52 ካልኦት ኣሃዱታትን ከይተፋነውዎም ብምኻዶም ሰኽፍክፍ እናበሎም፡ ገለ ውሑዳት ድማ ምስዘን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት ምስ መዛኑኦም ናብ ዝምድና (ሕጸ) ገጾም ስጉሞም ብምንባሮም ብዘተኸልፎም ዕድል እናጉሃዩ፡ እዮም ካብቲ ድፋዕ ዝወርዱ ነይሮም።

ተጋዳሊት ኣልማዝ "ውረዱ" ምስተባህሉ፡ ሓደ ዝኽሪ ማለት ዝኽሪ ኣቦኣ ኣብ ኣእምሮኣ ተመላለሰ። ገና ቀልዓ እንከላ- ኑቲ ኣብ 1975 ዝተሰለፈ ኣቦኣ ደሃይ ንምግባር፡ ኣደኣ ሒዛታ ካብ ዓዲ ንፋስ ናብ ድርፎ እናወረዳ፡ ንኸዕርፋ ኣብ ሓደ ዝተሃደመ ገዛ እንከለዋ፡ በዚ መጽአ ዘይተባህለ ካብ ዳርባ ሞርታር ንስክላ ከምዝደሓና ትዝ በላሞ፡ ከም ንብኡርን ከም ኩሉ ቀልዓን ሌላኣ ኣብ ክንዲ ምስ ትምህርቲ ዝኸውን፡ ምስ ተኹሲ ኮይኑ ሕጂ'ውን ኣብኡ ትነብር ምህላዋ ተሰዊጡዋ "መግዝእቲ ዝብልዎ'ሲ . " ኢላ ሰና ሓርቀመት።

ልቢ ኣብ ዝገበረትሉ ድማ፡ እንኮ ምርጫ ናብ ቃልሲ ምጽንባር ስለዝነበረ፡ ኣብ 1983 ናብዞ ዘላታ ሓይሊ ከምዝኣተወት፡ ሳላ ጻዕሪ ተጋደልትን ቅድሚኣ ዝጸንሓን ደቀንስትዮ ድማ፡ ማዕረ ሰብ "ተጋዳሊት" ዝብል ክብሪ ምርካብ ዘከረት'ሞ ውሽጣ ብፍስሃ መልአ።

ኣልማዝ ድሮ ዓቕመ ኣዳም በጺሓ ተጋዳሊት ተባሂላ'ያ። ካብ 1987 ንደሓር ኣብ ዝምድና ድሕሪ ምጽናሓ፡ ኣብ 1989 ወግዓዊ ቃልኪዳን ንዝኣሰረትሉ ኣባል ብርጌድ 20 ክፍለ-ሰራዊት 70 "ወዲ ሃርበለ" ምስ ተጋዳላይ ኣቦኣ ንኸተላልዮ ኣብ መስከረም 1989 ተፈቒዱላ ምስ ከደት ሽዓ ዝሓዘታ ጥንስን ኣቦኣ ንኽልቲኦም ዝሃቦም ሓንቲ ዝዓይነተን ክሹኽን፡ ድፋዕ ገዲፋ እናወረደት ብዝርዝር ዘከረቶ።

እቲ ድፋዕ ገዲፍካ ምውራድ ንስራሕ (ውግእ) ምዃኑ ግምት ብዙሓት ብምንባሩ፡ ንሳ፡ ሰብ ንዕላማ እናተሰውኣን እናተረጋገጸን "ጥንሲ ኣለኒ" ኢልካ ምትራፍ "ምድሕርሓር'ዩ" ዝብል ምጉት ኣብ ኣእምሮኣ ጠጂኡ፡ ከም ኩለን መጋድልታ ንዝሰዕብ ብደሆታት ዓይና ሰም - ሰና ንኽስ ኣቢላ ክትገጥሞ ብምውሳን፡ ንሓለፍታ ከይሓበረት፡ ብጾታ ናብ ዝጠብዎ ክትነጥብ ወሰነት።

ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ኣልታሕረር፡ ኣስመራ ቢራን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ናብ ዝቕጽል ግጥም ሰጊረን

ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ሰንበት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለ፡ ኣልታሕረር፡ ኣስመራ በራን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ንመጋጥምተን ሰዒረን ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሰጊረን።

ዝያዳ ቀላሕታ ዝረኸበ ጸወታ ርክብ ዓብይቲ ጋንታታት ኣልታሕረርን ደንደንን ነይሩ። ወጽኢታዊት ኮይና ዝወጸት ኣልታሕረር፡ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ኣክረም ኣደም ብዘዋሕ ዝሰደዳ ኩዕሶ ንቕምት ሓላዊ ልዳት ደንደን ሓሊፉ ኣብ ሰከይት ኣዕረፉ። ድሕሪ ትሸዓተ ደቓይቕ ግና፡ ሰም መድሕን ካብ ኣድ ሓላዊ ልዳት ኣልታሕረር ንዝመለቐት ኩዕሶ ናብ ሹቶ ቀይሩ ንጋንታ ደንደን ኣመዓራርዩዋ ናብ ዕረፍቲ ከኣ፡ 1ብ1 ወጺኦን።

ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ኣልታሕረር እያ ዝያዳ ዕውትቲ ነይራ። ኣብ መበል 52 ደቒቕ፡ ርበል የውሃንስ ካብ ልዳት ወጻኢ ንዝተዓዘቦ ሓላዊ ልዳት ደንደን ካብ ርሑቕ ቀለይ ብልዕለኡ ብምሕላፍ ጽቡቕቲ ሹቶ ኣመዝጊቡ። ኣልታሕረር ደጊማ መሪሕነት ሒዛ፡ ድሕሪ 10 ደቓይቕ'ውን ብርሃ ተስፋሚካኤል መሪሕነቶም ዘግፍሐት ሹቶ ኣመዝጊቡ። ኣልታሕረር ድማ 3ብ1 ተዓዊታ። ዝሓለፈ ዓመት ናይ ዞባ ማእከልን ሃገርን ዋናጩ ኣብ ክብላ ንዝሰቐለት ደንደን በሊጻ ከኣ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ።

ኣቐዲመን ኣስመራ በራን ኩባንያ ዕጸይቲን ሓጺንን ሰማልን ተራኺበን። በራ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ መበል 57 ደቒቕ ዳለፍ ኣቶብርሃን ብዘመዝገቦ ሹቶ ድማ 1ብ0 ተዓዊታ።

ግጥም ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ምምሕዳር ኣኽርያንውን ኣካል ናይ'ቲ ዕለት ነይሩ። ኣብዚ ድሕሪ ዕረፍቲ ብሓፈሻ ሓሙሽተ ሹቶታት ዝተመዝገቦ ጸወታ፡ ኣኽርያ፡ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ብመገዲ ርበል ኣለም ብዘመዝገበታ ሹቶ 1ብ0 መሪሓ ነይራ። ሰገን ግና፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 60፡ 71ን 80ን ደቓይቕ ካብ ተመስገን ክፍሉ፡ ሳሙኤልን ኤልያስን መርሃዊ ጺድቃን ብዘመዝገብዎን ሹቶታት፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ካብ ኣቤል ስብሓቱ ሹቶ ንዝረኸበት ኣኽርያ 3ብ2 ኣሰኒፋታ።

በዚ ድማ፡ ኣልታሕረር፡ ኣስመራ በራ፡ ኩባንያ ሰገን ቀይሕ ባሕሪ ዘራእትን ጥሪትን ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ከኣ፡ ንጉዳዊ ጥኪ ኤርትራ፡ ደንደን 'ቢ' ከምኡ'ውን ኣልታሕረር 'ቢ' ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፈን ኣለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዘዋሪት ዋንጫ'ውን ብቐዳም ተኻይዱ። ፈለማ ፒጀሪትን ዕዳጋ ሓሙስን ተራኺበን፡ ዕዳጋ ሓሙስ ቀደሚ ዕረፍቲ ካብ ኣሚን ሓድግምበስ ክልተ ሹቶታት ኣመዝጊባ 2ብ0 ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓን። ፒጀሪት ኣብ መበል 79 ደቒቕ ተጻዋቲት ዕዳጋ ሓሙስ ናብ ገዛ ልዳታ ብዘመዝገበትላ ሹቶ፡ ወጽኢት ናብ 2ብ1 ኣጸቢባቶ። ካብ ስዕረት ግና ኣይተናገፈትን። ዕዳጋ ሓሙስ 2ብ1 ሰዒራ ሓሊፋ።

ኢንሹራንስን ምምሕዳር ሰማልን ዘተዩዳኦ ጸወታ፡ ብዓወት ኢንሹራንስ 3ብ2 ተዛዚሙ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ሊድያ ግርማይ፡ ራህዋ መንግስተኣብን ፍትሓዊት ማጆርን ምምሕዳር ሰማል ድማ፡ ብመገዲ ኣመንኩር ዓብደላን ሪም ፍጹምን እያ ሹቶታት ኣመዝጊባ።

ንኩባንያ ህንጻ ሰገንን ደንደንን ዘራኸበ ግጥም'ውን ኣብዚ ዕለት'ዚ እዩ ተኻዪዱ። ደንደን ኣብ መበል 17ን 65ን ደቓይቕ ካብ የርዳኖስ ካሕሳይን ፍቓዱ ጉዕሙን ሹቶታት ኣቑጺራ 2ብ0 ተዓዊታ። በዚ ከኣ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ኢንሹራንስን ደንደንን ናብ ዝቕጽል ጸወታ ምሕላፈን ህዝባዊ ርኽቡት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

ብጸወታ ዘዋሪት ዋንጫ ኣቋረጹ ዝጸንሐ ሊግ ዞባ ማእከል (ሻምፕዮን)፡ ድሕሪ ጽባሕ ሓሙስ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኣዱሊስ ምስ ኮፓርሽን ዘራእትን ጥሪትን ማይ ተመናይ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዘራኽብ ግጥም ሰሪዑ ኣሎ።

## ዓንሰባን ኣልነስርን ገፊሕን ካልኣይን ዓወት ኣመዝጊበን

ዝሓለፈ ሰሙን ዝፈለመ ግጥማት ሊግ ዓንሰባ ናይ ካልኣይ ሰሙን ጸወታታት ቀዳመ ሰንበት ኣብ ስታድዮም ከረን ኣካዪዱ።

ቀዳም ፈለማ ጋንታታት ጋሽን ዓንሰባን ተጻዊተን። ዓብላሊት ዝነበረት ዓንሰባ ቅድሚ ዕረፍቲ ሰለስተ ሹቶታት ብምምዝጋብ ብልዑል ርእሰ ምትእምማን ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ሓይሊ ደሊባ ብምምጻእ ሽዱሽተ ሹቶታት ወሲኻ ብገፊሕ 9ብ0 ሰዒራ፣ ካልኣይ ዓወት ድማ ኣመዝጊባ። ሓድሽ ኣባላ ኖህ ብርሃ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ግጥም ተባሂሉ።

ሰዒበን ኣብ ቀዳማይ ጸወታአን ዝተዓወታን ተጻወትቲ ብምግዛእ መሳርሖን ኣይልዳለን ዝርከባን ናይ ቀረባ መቀናቕንቲ ኣልሂላልን ኣልነስርን ተጻዊተን። ኣልነስር፡ ቀዳማይ እብረ ክዛዘም ሰለስተ ደቓይቕ ምስ ተረፎ፡ መሪሕነት ዘተሓዘተ ሹቶ ኣመዝጊቡ።

ድሕሪ ዕረፍቲ መሳርዓ ኣሊዩላ ዝቐረበት ኣልነስር፡ ኣርባዕተ ሹቶታት ብምውሳኽ ብገፊሕ 5ብ0 ተዓዊታ። ኣባላ የናስ ሃይለ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ሰንበት ካብ ዝተሰርዑ ጸወታታት፡ ቀዳማይ ጸወታአን ብስዕረት ዝዛዘሞ ኣልሳሕልን ሳሳን ቀዲመን ተጻዊተን። ኣልሳሕል፡ ኣብ ሓሙሻይቲ ደቒቕ ቅልጥፍቲ ሹቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ሒዙ። ናብ ዕረፍቲ 2ብ0 መሪሓ ክትወጽእ ዘኽኣለታ ሹቶ'ውን ወሲኹ።

ይኹን'ምበር፡ ሳሳ፡ ካብ ዕረፍቲ ምስ ተመልሰ ውዳእ ኣመሓይሻ ብምእታው፡ ኣብ ናይ ክልተ ደቓይቕ ፍልልይ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕን ብጸወታን ክልተ ሹቶታት ብምምዝጋብ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ2 ተፈላልያ። ብሉጽ ናይ'ቲ ግጥም፡ ሓያለ ፈተነታት ዘምከነ ሓላው ልዳት ኣልሳሕል ዓብዱ ህያቡ ተሰምዩ።

ድሒረን ደንደንን ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ከተማ ከረን ብምዃን ናብ ሊግ ዓንሰባ ዝሰገረት ሕውነትን ተራኺበን። ሕውነት፡ ኣብ ቀዳሞት ደቓይቕ ቅልጥፍቲ ሹቶ ኣመዝጊባ መሪሕነት ሒዛ። በዚ ዝሰንበደት ደንደን ጸቕጢ ንምፍጣር ፈተነታት ብምክያድ ሹቶ ረኺባ፡ 1ብ1 ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ክልተአን ጋንታታት መልሰ መጥቃዕቲ ዝበዝሖን ሓርፋፍን ጸወታ ኣብ ዘጸብረቓሉ፡ ሕውነት ሓደ ተጻዋታይ ብቀይሕ ካርድ ብምኽሳራ፡ ብጎደሎ ተጻዋታይ ክትቅጽል ተገዲዳ። ንጎደሎ ተጻዋታይ ሕውነት ዝመዝመዘት ደንደን ከኣ፡ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ ናብ ሹቶ ቀይራ 2ብ1 ተዓዊታ። ኣባላ ብርሃን ገብረሂወት፡ ብሉጽ ናይ'ቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ሊግ ዓንሰባ ዝመጽእ ቀዳመ ሰንበት'ውን ክቕጽል ምዃኑ፡ ፌደረሽን ናይ'ቲ ዞባ ሓቢሩ።


ሓላዊ ልዳት ኣልሳሕል - ዓብዱ ህያቡ


ተጻዋታይ ደንደን - ብርሃን ገብረሂወት

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ዋንጫ ኣፍሪቃ ዙር 16**

ኣልጀሪያ - ዲ.ሪ.ኮንጎ 7:00 ድ.ቀ

ኣይቮሪኮስት - በርኪና ፋሶ 10:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ መበል 21 ሰሙን**

ዌስት ሃም - ኖቲንግሃም 11:00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ መበል 19 ሰሙን**

ሳሱሎ - ጁቬንቱስ 10:45 ድ.ቀ

## ኣሞሪም ተባሪሩ

### ፍለቸር፡ መዝነት ተቐቢሉ

ዓለሚ ማንቸስተር ዩናይትድ - ሩበን ኣሞሪም፡ ትማሊ ሰኑይ 5 ጥሪ፡ ካብ ስርሑ ተባሪሩ።

ኣሞሪም፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ምስ ወሃንቲ ናይ'ዛ ጋንታ ዝበሮ ዝምድና ከምዝተሓላለኸ ዘእንፈተ ነይሩ።

ድሕሪ'ቲ ሰንበት ምስ ሊድስ 1ብ1 ምፍልላዩ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ከኣ፡ ተገማሊሩ ንዝበረ ጉዳይ ንዱዲ ከዕዩ።

ንሱ፡ "ኣነ ማናጀር ማን ዩናይትድ እምበር፡ ኣሰልጣኒ ክኸውን ኣይመጻእኩን። ንዝቐጽል 18 ኣዋርሕ (ክሳብ ውዕለይ ዝዛዘም) ወይ ክሳብ ቦርድ ናይዛ ጋንታ ክሳብ ዝወሰኑ፡ ከምኡ ክኸውን እዩ። ኣብ ኩሉ ክፍሊ፡ ክፍሊ ዳህሳስ ተጻወትቲን ስፖርት ዳይረክተርን ስርሖም ክፃሙ የድልዮም። ኣነ ከኣ ንዝመጽእ 18 ኣዋርሕ ግቡኣይ ክሰርሕ እየ።" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

ማናጀር፡ ተራኡ ኣብ ሜዳኣን ካብ ሜዳ ወጻኢን ኮይኑ፡ ንኹሉ ንጥፈታት (ምግዛእን ምሻጥን ተጻወትቲ፡ ፋይናንስን ናይ ነዊሕ ዓመታት መደባትን ዘጠቓልል) ኣብ ምምሕዳር ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎ። ኣሰልጣኒ ግና፡ ዝያዳ ኣብ ዕለታዊ ልምምድን ታክቲክን ጥራይ ኣድሂቡ፡ ንጸወታ ዝዳሎ እዩ። ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ከኣ፡ ሓሳብ እምበር ውሳኔ ተራ ከምዘይብሉ ይግለጽ።

ኣሞሪም፡ ማናጀር እምበር ዓለሚ ክኸውን ኣይመጸኹን ማለቱ ከኣ፡ ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ምሉእ ሓላፍነት ክህሉዎ ብምድላዩ እዩ። እዛ ጋንታ ግና፡ እቲ ሓላፍነት ንስፖርት ዳይረክተርን ክፍሊ ዳህሳስ ተጻወትቲን ከምዝምልከቶም ብምሕባር፡ ኣብ'ቲ ናይ ኣሰልጣኒ ተራ ክሰርሕ ከምዝግባእ ይግለጽ። ኣብዚ ወርሒ ጥሪ ተኸፊቱ ዘሎ ማሰርሒ ምዝዋዋር፡ ተወሰኽቲ ተጻወትቲ ደልዩ ዝበረ ኣሞሪም ከኣ፡ ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ብምዝራብ፡ ንወሃንቲ ኣቑጢዑ። በዚ ድማ ካብ መዝነት ኣብሪርሞ ኣለዉ፣ ድሕሪ 14 ኣዋርሕ መዝነት ምቕባሉ ምኳኑ እዩ።

ማን ዩናይትድ፡ ነዚ ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ ሕዳር 2024 ምስ'ታ ዝዕልማ ዝበረ ክሳብ ስፖርቲን ውዕል እንከሎዎ ስለዝምጸኦቶ፡ መፍረሲ ውዕሉ፡ ክሳብ 9.5 ሚልዮን ፓውንድ ንስፖርቲን ምኽፋላ ይግለጽ። ሕጂ ከኣ፡ 18 ኣዋርሕ ተሪፉዎ እንከሎ ስለ ዘብረረቶ፡ ንኣሞሪም ክሳብ 10 ሚልዮን ፓውንድ ክትከሕሶ ይግመት።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ናይዛ ጋንታ - ዳረን ፍለቸር፡ መዝነት ምስልጣን ንግዜኡ ተቐቢሉ ኣሎ፣ ጽባሕ ረቡዕ ምስ በርንለይ እተካይዶ ናይ ሊግ ጸወታ ድማ፡ ቀዳማይ ግጥሙ ክኸውን እዩ።




## ዓላሚ ቱኒዝያ ካብ ስርሑ ተኣልዩ

ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ቱኒዝያ - ሳሚ ትራብልሲ፡ ካብ ስርሑ ተኣልዩ - እዛ ጋንታ ካብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ብሮሊ ተሰዒራ ድሕሪ ምግላፋ።

ናይ 2004 ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝኾነት ቱኒዝያ፡ ቀዳም ኣብ ዙር 16 ምስ ማሊ እያ ተጋጢማ። ማሊ፡ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ንምዮ ከሊባሊ ብቐይሕ ካርድ ብምኽሳራ፡ ንዝበዝሐ ግዜ ብጎደሎ እያ ተጻዊታቶ።

ጽቡቕ ዕድል ዝረኸበት ቱኒዝያ፡ ኣብ መበል 88 ደቒቕ ብመገዲ ፈራስ ብቸጾረታ ሹቶ፡ ተዓዊታ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ክትሓልፍ ተቓሪባ ነይራ።

እንተኾነ፡ ማሊ፡ ኣብ መበል 96 ደቒቕ ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ፡ ብመገዲ ሲናዮኮ ናብ ሹቶ ቀይራ ተመዓራርያ። ኣብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ብዘይምፍልላዮን ከኣ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሓን፡ 3ብ2 ደማ ተዓዊታ - ብ10 ተጻወትቲ ዝማከተት ማሊ።

እዚ ወጽኢት እዚ ዘይተዋሕጠሉ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ናይታ ሃገር፡ "ዝበረና ውዕል፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከፍርሶ ወሲንና ኣለና።" ክብል፡ ሳሚ፡ ምስ ኣባላቱ ካብ ስርሑ ምእላዩ ገሊጹ።

እዚ ቱኒዝያዊ ኣሰልጣኒ፡ ነዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ለካቲት ጀሚሩ እዩ ክዕልማ ጸኒሑ። 18 ግጥማት'ውን መሪሑዋ። ኣቐዲሙ'ውን ካብ 2011 ክሳብ 2013 ዓሊሙዋ ነይሩ። ቱኒዝያ፡ ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ሓሊፋ ምህላዋ ይፍለጥ።



# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ሰሜን ኮርያ ሚሳይል ወንጪፋ



መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ትማሊ ሰንበት ድሉውነት ሰራዊት ሃገሩ ንኹናት ንምፍታን ዝተዓለመ ልምምድ ናይ ሚሳይል ከም ዝተዓዘበ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጠን።

እቲ ልምምድ፡ ሰሜን ኮርያ፡ ኣመሪካ ኣብ ቬንዙዌላ ንዘበረቶ ወተሃደራዊ ምትእትታው ድሕሪ ምኹናና ድሕሪ ሒደት ሰዓታት ከም ዝተኻየደ፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ግዝኣት ርያንፎ (ከበቢ ከተማ ፒዮንግያንግ) ዝተኻየደ ልምምድ፡ ምውንጫፍ ሃይፐርሶኒክ (ልዕሊ ፍጥነት ድምጺ ዝውንጨፍ) ሚሳይል ዘጠቓለለ ከም ዝነበረ'ውን፡ እቲ መርበብ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቲ ማሳይል፡ ኣብ ባሕሪ ጃፓን ንዝበረ ዒላማ ቅድሚ ምውቃዑ፡ ንኣስታት 1000 ኪሎ ሜተር ከም ዝተጓዕዘ ማዕከናት ዜና ኮርያ ሓቢረን።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሰሜን ኮርያ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣመሪካ ኣብ ቬንዙዌላ ንዘወሰደቶ ወተሃደራዊ ስጉምቲ "እቲ ዝኸበደ ምጥሓስ ልኡላውነትን እኹል ጭብጢ ኣረሜናዊ ባህሪ ዋሽንግቶንን እዩ" ክብል ብትሪ ኮኒኑዎ።

ኪም ጆንግ ኡን ነቲ ልምምድ ኣብ ዝከታተለሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ልምምድ፡ ሰሜን ኮርያ ሓያልን ዝተኣማመነን ኒዩክለሳዊ መከላኸሊ ክህሉዋ ዘኹብር ኣጉዳሲ ስትራተጂያዊ ስጉምቲ ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

እቲ መራሒ ቀጺሉ፡ "ንጥፈታትና ንመከላኸሊ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋርና ኣብ ዝማዕበለ መሰረት ንምቕማጥ ዝዓለመ እዩ። እዚ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዝጋጠመ ጂኦፖለቲካዊ ቅልውላውን ዝተሓላለኹ ኣህጉራዊ ፍጻመታትን እዩ" ክብል ገሊጹ።

ኪም ጆንግ ኡን፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ቀንያት ሓድሽ ዓመት ናይ መጀመርታ ወተሃደራዊ ልምምድ ምኻያዱ ብምንኣድ፡ ንኣሃዱታት ሚሳይል ናይ'ታ ሃገር ድማ፡ "ልኡላውነትን ጸጥታን ኣብ ምውሓስ ዘተኣማምኑ ዋልታ፡" ክብል ሞጒሱዎም።

## ሩስያ - ቁጽሪ ብደብዳብ ዩክሬን ዝተቐትሉ ሰባት ይውስኽ

ዩክሬን፡ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት፡ ኣብ ዞባ ኸርሰን - ሩስያ ኣብ ሓደ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ዝተኻየደሉ ዝነበረ ሆቴል ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ድሮን፡ ቁጽሪ ናይ ዝሞቱ ግዳያት 29 ከም ዝበጽሐ፡ መርማሪት ኮሚተ ሞስኮ ኣፍሊጣ።

እቲ መጥቃዕቲ ብ31 ታሕሳስ ቅድሚ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን፡ ኣብቲ ሆቴል ኣስታት 100 ሰባት ተኣኪቦም ከም ዝነበሩ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

መርማሪት ኮሚተ ሩስያ፡ እቲ መጥቃዕቲ ግብረ ሽበራዊ ተግባር ከም ዝኾነ ድሕሪ ኣብ ዝሃቦቶ ሓበሬታ፡ "ክሳብ ሕጂ ብቲ መጥቃዕቲ 29 ሰባት ሞይቶም፣ ብውሑዱ ካልኦት 60 ሰባት ድማ ቆሲሎም ኣለዉ። 15 ካብኦም ኣብ ሆስፒታል ተዓቚቦም ኣለዉ፣ ብፍላይ እቶም ሰለስተ ኣዝዮም ተወጺያም ኣለዉ፡" ኢላ።

ንሳ ቀጺላ "መርማሪት ኮሚተ ሩስያ ብዛዕባ እዚ ኣብ ልዕሊ ሲቪል ህዝቢ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባር ብቐልጡፍ መርመራ ከተካይድ እያ። ኩሎም ኣብዚ ገበን ዝተሳተፉ ኣባላት ሰራዊት ዩክሬን ከኣ ብግቡእ ክቐጽዑ እዮም፡" ክትብል



ምግላጹ፡ መርመራ ከተካይድ ጀሚራ ከም ዘላ ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ ናይ'ታ መርማሪት ኮሚተ - ስቨትላና ፔትረንኮ፡ ቁጽሪ ግዳያት ናይቲ መጥቃዕቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ክመጽእ ከም ዝቐጸ ገሊጻ።

ፔትረንኮ ነቲ ኩነታት ኣመልኪታ ኣጠንቂቓ።

ሞስኮ፡ እቲ መጥቃዕቲ ድሮናት፡ ደይ መደይ ተባሂሉ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ክፍጸም ከም ዝተገብረን ገበናት ኩናት ምዃኑን እያ ትገልጽ ዘላ።

ሩስያ ብዘይካዚ፡ እቲ መጥቃዕቲ ምስ ግፍዕታት ናዚ ከም ዝመሳሰል እያ ትሕብር ዘላ።

## ቬነዝዌላ - ብስርሒት ኣመሪካ 32 ኩባውያን ተቐቲሎም

መንግስቲ ኩባ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣመሪካ ንፕረዚደንት ኒኮላስ ማዱሮ ንምጭዋይ ኣብ ቬንዙዌላ ኣብ ዘካየደቶ ወተሃደራዊ ስርሒት 32 ዜጋታቱ ከም ዝተቐትሉ ሓቢሩ።

ንኽብሪ እቶም ዝተቐትሉ ዜጋታቱ ካብ ትማሊ ሰሉይ ዝጀመረ ንኽልተ መዓልታት ዝቐጽል ናይ ሓዘን መዓልታት ከም ዝተኣወጀን፡ ወግዓዊ ስነ ስርዓት ቀብሪ ከም ዝተኻየደሎምን ድማ ወሲኹ ኣረዲኡ።

መንግስቲ ኩባ ብዛዕባ እቶም ግዳያት ኣመልኪቱ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ምሃብ እኳ እንተ ተቖጠበ፡ ኩሎም እቶም ዝተቐትሉ ግን ኣባላት ሰራዊትን ትካላት ስለያን ኩባ ምንባሮም ገሊጹ።



እቲ መንግስቲ ኣብ መግለጺኡ፡ "ዜጋታትና ንጸጥታን ምክልኻልን ቬንዙዌላ ክብሉ፡ ብኽብርን ጅግንነትን ግቡኦም ፈጺሞም ሓሊፎም ኣለዉ፡" ክብል ወሲኹ ሓቢሩ።

ኩባ፡ ፕረዚደንት ማዱሮ ናብ ስልጣን ድሕሪ ምድያቡ፡ ኣብ ሓለዋኡ ዝዋፈሩ ቁጽሮም ብልክዕ ዘይተፈልጠ ወተሃደራት ንቬንዙዌላ ከም ዝለኣኸትላ እያ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብቲ ናብ ቀዳም ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ኣብ ሓያለ ከተማታት ቬንዙዌላ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣመሪካ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ንፕረዚደንት ኒኮላስ ማዱሮ ዝሕልውዎ ዝነበሩ ኩባውያን ብልክዕ ከም ዘይተፈልጠ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ሓቢሩ።

## ብሪጣንያ፡ ምስ ዕዳጋ ሕ/ኤውሮጳ ጥቡቕ ምትእስሳር ክትምስርት ትደሊ



ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ "ብሪጣንያ ንሃገራዊ ረብሓኣ ክትብል ምስ ዕዳጋታት ኤውሮጳ ዝያዳ ጥቡቕ ምትእስሳር ክትምስርት ኣለዋ፡" ክብል ዝሓለፈ ሰንበት ገሊጹ።

ስታመር ምስ ቢቢሲ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ዝምድና ብሪጣንያን ሕብረት ኤውሮጳን፡ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ዝነበሮ መለሱ ከም ዝሓየለ ኣረዲኡ።

"ሕጂ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ክንቀራረብ ዝግባእ ይመስለኒ፣ ምስ ዕዳጋ ናይቲ ሕብረት ዝያዳ ናይ ምትእስሳር ጉዳይ፡ ንሃገራዊ ረብሓና ክንብል ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለና። ከጽዕኡ ንምኽኣል'ውን ክንሓስቦ ኣለና፡" ኢሉ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ብሪጣንያን በልጅምን ካብ 2027 ጀሚረን ኣብ ዕዳጋታት ጸዓት (ኤሌክትሪክ) ክዘራረባን ንግዳዊ ውዕል መሕዝብን ማስተን ክቱይዳን ኣብ ስምምዕ በጺሐን ምንባረን እዩ ዝግለጽ።

ስታመር ኣብ ቃለ መሕትቱ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ምዃኑ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

## ትራምፕ፡ ንሓዳስ መራሒት ቬንዙዌላ የፈራርሕ





ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንግዚያዊት መራሒት ቬንዙዌላ ደልሲ ሮድሪገዝ፡ "ቅኑዕ ኣካይዳ እንተ ዘይተኸቲላ ካብ ናይ ማዱሮ ዕጫ ዝኸፍአ ከጋጥማ ይኽእል እዩ" ክብል ኣጠንቂቑ።

ትራምፕ እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ነበር ኒኮላስ ማዱሮ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ካብ ሃገሩ ብሓይልታት ኣመሪካ ተጨውዩ ናብ ኣመሪካ ድሕሪ ምውሳዱ እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንመራሒ ናይ'ታ ጐረቤት ቬንዙዌላ ዝኾነት ኮሎምብያ እውን ከም ዘፈራርሖ፡ መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ሓቢሩ።

ትራምፕ ኣብ ልዕሊ መራሒ ናይ'ታ ሃገር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከም ዝወስድ እኳ ብወግዒ እንተ ዘይገለጸ፡ "እዚ ንኮሎምብያ ዝመርሕ ዘሎ ፕረዚደንት ጉስታቮ ፔትሮ ሕሙም ክብሎ ጸቡቕ ኩይኑ እስምዓኒ" ክብል ኣፈራሪሁ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኮሎምብያ እውን ከም ቬንዙዌላ ኣዝያ ሓሚማ እያ ዘላ፣ ብሓደ ኮኬይን (ዓይነት ሓሺሽ) ኣፍርዩ ንኣመሪካ ምሻጥ ዝፈቱ ሕሙም ሰብ ትመሓደር ኣላ፡ እዚ ግን ነዊሕ ኣይክቕጽልን እዩ" ክብል ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ብፕረዚደንት ትራምፕ ንዝቐረበሉ ምስ ምስግጋር ዕጹ ፋርስን ካልእን ዝምልከት ክሲታት ብምንጻግ፡ ኣመሪካ ነቲ ክሲታት ከም መመኽንይታ ተጠቒማ ካብ ስልጣኑ ክተውርዶን ንሃብቲ ነዳዲ ቬንዝዌላ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከተእትዎን ትጽዕር ምህላዋ ብተደጋጋሚ ክኸስስ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

ምክትል ፕረዚደንት ማዱሮ ዝኾነት ደልሲ ሮድሪገዝ፡ ንቬንዝዌላ ንግዚኡ ክትመርሓ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ'ታ ሃገር ቃለ ማሕላ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ግዚያዊት ፕረዚደንት ኩይና ከም ዘላ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ የመልክት።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ተስፋ | 06/01/2026 | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services